# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 35 ዓመት ቁ.308 | ረቡዕ 26 ነሓሰ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 4
ኮም ዝሰረቱ ልምዓትን...



ገጽ 5
ካብ ቀይሕ ዕምባባ ናብ ፊተውራሪ

ገጽ 9
ጽፈት ስራሕ



ገጽ 10
እንሓስቦን እንኾኖን



ገጽ 11
ሻምፕዮን ክለባት ኤርትራ ይቕጽል




## መውሊደ - ነቢይ መሓመድ (ሰ.ዓ.ወ) ብልዑል መዓርግ ተኸቢሩ








መውልድ ኣ'ነቢ፡ ትማሊ 25 ነሓሰ 2026 ማለት 12 ረቢዕ-ኣልኣወል 1448 ሂጅሪያ ብልዑል መዓርግ ተኸቢሩ።

ኣብ ኣስመራ - ሜዳ ጃምዕ ኣልኹላፋእ ኣልራሽዲን ኣብ ዝተገብረ፡ ላዕለዎት ሰብ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ኣምባሳደራትን ዲፕሎማሰኛታትን ከምኡ'ውን መራሕቲ ሃይማኖት ክርስትናን ምእመናንን ዝተረኸቡሉ ስነ-ስርዓት፡ ኣቦ-መንበር ጉባኤ እስላም ኣውቃፍ ከተማ ኣስመራ ኣቶ መሓመድ-ብርሃን ዓጣ፡ ንታሪኻዊ ኣገዳስነት ናይ'ቲ በዓል ዝገልጽ ቃል ሂቦም።

መፍቲ ኤርትራን ኣቦ-መንበር ላዕለዋይ ባይቶ ኢፍታእን እስላማዊ ጉዳያትን ኤርትራን መወላና ሼኽ ሳልም ኢብራሂም ኣልሙኽታር ብወገኖም፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ንዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ "የሃና" ድሕሪ ምባል ኣብ ዝሓለፈ ሓደ ዓመት ብናይ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ንዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ "የሃና" ድሕሪ ምባል ኣብ ዝሓለፈ ብዛዕባ ኣብ ዝሓለፈ ኣብ ዝሓለፈ

መወላና ሼኽ ሳልም ኢብራሂም ኣሰዒቦም፡ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ብደም ሰወኣት ደቁ ዝተደረኸ ሰላሙ ሓድነቱን ከምኡ'ውን ሕወነቱን ምክብባሩን ኣደልዲሉ ክዕቅቦን ክሕልዎን ሪዚን ሓላፍነት ከምዘለዎ ኣገዲሶም።

እቲ ጽንብል፡ ተመሃሮ ኽልዋታት ቁርኣን ከተማ ኣስመራ ብዘቕረብዎ ኣናሽድ ማለት መዛሙር፡ ከምኡ'ውን ጉጅለታት መዳይሕ ብዘቕረብዎ መሳናድኣታት ማዕረጉ ነይሩ።

## ዜና ሓሶት ብዛዕባ መርከብ ሽኮሹኳ

ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሎንደን፡ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ብ20 ነሓሰ 2026፡ ኣብ ገማግም ባሕሪ የመን "ጣንዴራ ኤርትራ ዝኣርማኣ" መርከብ ጽዕነት ኑዩዲ ተጨውያ ተባሂሉ፡ ቡዩም ሚዛን ኣለዎም ዝበሃሉ ማዕከናት ዜና ከም ሮይተርስ፡ ኤ.ኤፍ.ፒ፡ በበሰን ካልኦትን ከይተረፈ ዝተጋውሐ መጋዕዩ ሓበሬታ ብዝምልከት፡ እዚ ዝስዕብ መብርሂ ክህብ ይደሊ።

እዚ ማስደመም ዜና'ዚ ብዙሕ መዳያቱ ፋልሶ እዩ።

1. ኩሎም እቶም ብዛዕባ'ዚ ፍጻመ'ዚ ዘጋውሑ፡ ከም ቀዳማይ ምንጪ ሓበሬታኦም ገይሮም ዝጠቐሱዎ፡ ንትካል ንጥፈታት ንግዲ ባሕሪ ዓባይ ብሪጣንያ (UKMTO) እዩ። ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ቀድም ቀዳድም፡ ሓበሬታ UKMTO እታ መርከብ 'ጣንዴራ ኤርትራ ዝኣርማኣ' ኢሉ ከም ዘይጠቐሰ ከረጋግጽ ክኢሉ ኣሎ። ነቲ ትካል መብርሂ ክህቦ ኣብዚ ሰሙን'ዚ ብወግዒ ኣብ ዝሓተተሉ ድማ፡ UKMTO ነዚ መሰረታዊ ሓቂ'ዚ ደጊሙ ኣረጋጊጹዎ።

2. ኣብ ኩሉ ህዝባዊ መወከሲታት፡ ብዛዕባ'ዛ መርከብ እዚኣ ዝተዘርግሑ ሓበሬታታት ኩሎም፡ እታ መርከብ ብኤርትራ ከም እትውነን ወይ ምስ ኤርትራ ዝኾነ ርክብ ከም ዘለዋ ዘመልክት ኣመት የብሎምን። እዚ ፍጻመ'ዚ ኣካል ናይቲ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ፡ ኣህጉራዊ ውድብ ማሪታይም (IMO)፡ ምንቅስቓስ ዘይሕጋውያን መራኽብ ንግዲ (Shadow fleet) ኢሉ ዝምድቦ ዘይሕጋዊ ተግባር እዩ።

3. ብተወሳኺ፡ ኣህጉራዊ ውድብ ባሕራዊ ምንቅስቓስ፡ እዛ ቁጽሪ መዝገብ IMO 920476 ዝሓዘት መርከብ፡ ኣብ ወግዓዊ ሰነዳቱ ኣብ ምድብ ዋንነተን ዘይፍለጣት (indeterminate ownership) መራኽብ ኢሉ ኣሰፊሩዋ ይርከብ። ቀዋሚ ልኡኽ ኤርትራ ኣብ IMO እውን፡ ሰነዳት ናይቲ ውድብ ተወከሱ፡ እዛ ጣንዴራ ኤርትራ እተንበልብል መርከብ፡ ብኤርትራ ከም ዘይትውነን፡ ኣብ ኤርትራ ምዝግብቲ ከም ዘይኮነት፡ ኣሰፊሩዎ ከምዘሎ ኣረጋጊጹ።

እቲ ሓቀኛ ጭብጢታት እዚ ዝተጠቕሰ ኮይኑ፡ ገለ ኣንጻር ኤርትራ ዝነብዕ ሓበሬታታት ምዝርጋሕ ዝኣመሉ፡ ካብ ደረጃን ስነምግባርን ጋዜጠኛነት ወጺኦም መጋዕዩ ሓበሬታ ኣብ ምዝርጋሕ ይርከቡ።

**ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ**
**25 ነሓሰ 2026**
**ሎንደን**

## ዝርግሐ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ብልዕሊ 240 ሚእታዊት ዓብዩ

መንግስቲ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ብዘጠናቐ ወፍሪ ዝርግሐ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ብደረጃ ሃገር ብልዕሊ 240 ሚእታዊት ከምዝዓበየ ተገሊጹ።



ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣወሃሃዲት ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ መምህር ኣበባ ሃብተየም ንኤሪና ኣብ ዝሃቡቶ ሓበሬታ፡ ኣብ መላእ ሃገር ቁጽሪ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ 829 ዝነበረ፡ ኣብ ኣካዳሚያዊ ዓመት 2025/2026 ናብ 2004 ከምዝበረኸ ኣብሪሃ።

ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ፡ ኣካላዊ፡ ስምዒታዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላውን ሃገራውን መዳያት ህጻናት ዝሸፍን ወሳኒ ኣገዳስነት መድረኽ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ቁልዑ ምሉእ ርእሰ ምትእምማን ዘለዎም፡ መጻኢ ናይ ምብህዛል ክእለት ዝወንኑ፡ ከምኡ'ውን ማሕበራውን ባህላውን ክብርታት ብምልኣት ክላብሱ ዝሕግዝ ስለዝኾነ፡ ኩሎም ህጻናት ብእኡ ክሓልፉ ከምዝግባእ ኣገዲሳ።



ምስ ዕቤት ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ፡ ቁጽሪ ተመሃሮ'ውን ካብ ኣስታት 65 ሽሕ ናብ ልዕሊ 128,500 ከምዝበረኸ ብምሕባር፡ ኣብ ሞያዊ ዓቕሚ-ሰብ ሕጽረት ንኸየጋጥም፡ ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ መምህራን ዝተኮረ ስልጠናታት ኣብ ኩለን ዞባታት ይውደብ ከምዘሎ፡ ከምኡ'ውን ብትሸዓተአን ቋንቋታት ዝተዳለወ መምሃሪ ጽሑፋት ንሕትመት ድልው ምዃኑ ኣሕሪሩ።

ኣብ መወዳእታ መምህር ኣበባ፡ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ኮማዊ ሰረት ንኽሕዝ ኣብ ኩሉ ዞባታት ዘሎ ክትየድ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ምምሕዳራትን ዝምልከተን ኣካላትን ኣብ ምብራኽ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ተርኣን ከዕዝዛ፡ መሰልጠኒ ማእከል መምህራን ክዋደድን ስሩዕ ስልጠናታት ክወሃብን፡ ከምኡ'ውን መጋቓቕሒ ንዋት ክቕረብ ተላቢዩ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ 444፡ ኣብ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ 337፡ ኣብ ዞባ ደቡብ 667፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ 304፡ ኣብ ዞባ ማእከል 175፡ ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ድማ 77 ትካላት ቅድመ ትምህርቲ ኣለዋ።

ዜና

# ከረን - ብሉጻት ተመሃሮን ኣብነታውያን መምህራንን ተሸሊሞም

ኣብ ከተማ ከረን እትርከብ ናይ መባእታ፣ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ሳሳሉ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍልን ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና 12 ክፍልን ብሉጽ ወጽኢት ዘመዝገቡ 98 ተመሃሮ፡ ከምኡ'ውን ንኣብነታውያን መምህራንን ወለድን ሸለሞ፡፡

እቶም ብ23 ነሓሰ ዝሽለሙ ዝበቕዑ ተመሃሮ፡ 55 ኣብ ሃገራዊ ፈተና 8ይ ክፍሊ ልዕሊ 90 ዘምጽኡ፣ 43 ድማ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና 'ማትሪክ' ልዕሊ 3 ነጥቢ ዘመዝገቡ ኮይኖም፡ እቶም 11 ምሉእ 4 ነጥቢ ዝረኸቡ'ዮም፡፡

እቶም ዝተሸለሙ 16 መምህራንን 5 ወለድን፡ ኣብ'ቲ ዝተመዝገበ ወጽኢት ልዑል ኣበርክቶ ዝገበሩ ምዃኖም ተሓቢሩ፡፡

ዳይረክተር ናይታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ሃብቶም ሃይሉ እቲ ናይ ምሽላም መደብ ኣብ ተመሃሮ፡ መምህራንን ወለድን ዝፈጥሮ ዘሎ ድርኺት ኣቃሊልካ



ዝርአ ከምዘይኮነ ብምግላጽ፡ ቡበዓመቱ እናበርከ ዝመጽእ ዘሎ ወጽኢት መርኣያ ከምዝኾነ ኣብሪሁ፡፡

ኣቦመንበር ኮሚተ ወለዲ ብወገኑ፡ ወሀደት ኮሚተ ወለድን መምህራንን ኣገዳሲ ምዃኑ ብምሕባር፡ ብዙሓዊ ክድፋኣሉ ኣዘኻኺሩ፡፡

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል ድማ እታ



ቤት-ትምህርቲ ተመዝዮ ዘላ እናበርከ ዝመጽእ ወጽኢት፡ መርኣያ ድልዱል ስሉሳዊ ዝምድና ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ንኻልኦት ኣብያተ-ትምህርቲ ጸቡቕ ኣብነት ከምዝኾነት ሓቢሩ፡፡

መባእታ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ሳሳሉ፡ ኣብ ኣካዳሚያዊ ዓመት 2025/2026 ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ካብ ዝተፈተኑ 218 ተመሃሮ እቶም 214 ማለት 98 ሚእታዊት፣ ከምኡ'ውን ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካብ ዝተሳተፉ 134 ተመሃሮ 86 ናይ ዲግሪ 28 ናይ ዲፕሎማ ነጥቢ ብምምጻእ፡ 85 ሚእታዊት ከምዝሓለፉ ሰነዳት የርእዩ፡፡

# ደቡብ ደንካልያ - ሃማመተኤ ውዳበ መንእሰያት ንምሕያል ይሰርሕ ኣሎ





ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ን/ዞባ ደቡብ ደንካልያ ውዳበ መንእሰያት ንምሕያል ዝዓለመ ርክብ፡ ብ22 ነሓሰ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣቦ ከለማ ኣካዩዱ፡፡

ዕላማ ማሕበር፡ መንእሰያት ብኩለንትናኦም ምንቃሕ፡ ምውዳብን ምዕጣቕን ከምዝኾኑ ዝጠቐሰ ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ን/ዞባ መንእሰይ መሓመድ እድሪስ፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዕቱብ ስራሕ ከምዝተኻየደ ገሊጹ፡፡

ሓላፊ ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ዐስማን ዓብደልቓድር ብወገኑ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ክመጽእ ዝድለ ለውጢ ንምርግጋጽ፡ ንቑሕ ተሳታፊ መንእሰያት ወሳኒ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣቦካለማ ተጠቃምነት ዕድላት ትምህርቲ ብሓፈሻ ናይ ደቀኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ንምዕባዩ፡ መንእሰያት ተርእዎም ከዕዘዙ ኣተሓሳሰበ፡፡

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ኣቦካለማ ኣቶ ዓሊ በርሃን ድማ፡ ሃማመተኤ ኣብ ምውዳብን ምስልጣንን መንእሰያት ዘካይዶ ዘሎ ጻዕርታት ብምምጓስ፡ ብወገን ምምሕዳር ዝድሊ ምትሕብባር ከምዝገበረሉ ሓቢሩ፡፡


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# ድግሳ - ሕሩም ሕዛእቲ ንምስሳን ወፈራ ይካየድ ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰራዬ - ምምሕዳር ከባቢ ድግሳ፡ ሕሩም ሕዛእቲ ኣታይ ጀመር ንምስሳን ወፈራዊ ስራሕ ይሰላሰል ኣሎ፡፡

በዚ መሰረት፡ ኣስታት 4 ሽሕ ሓደሽ ጉናጉዲ ክኮዓት ከሎ ኣስታት 3 ሽሕ ፈልስታት ከምእተተኽለ፡ ወከል ኣረና ሓቢሩ፡፡

ኣብ'ቲ ወፈራ፡ መዓልታዊ ክሳብ 500 ጉልበት ይሳተፍ ከምዘሎ ተፈሊጡ፡፡

ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ሃይለማርያም የውሃንስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ልምዓታዊ መደብ ብዕዙዝን ወፋይን ኣበርክቶ ነዋ ኣብ ጸቡቕ ደረጃ በጺሑ ከምዘሎ ገሊጹ፡፡

# ንመሰሰኒ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ወፈያታት ተገይሩ

ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ንመሰሰኒ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታትን ምግባይ ስድራ ስውኣትን ወፈያታት ከምእተገብረ ሓቢሩ፡፡

በዚ መሰረት፡ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ከሰላ - ሱዳን 10,000 ናቕፋ ንመሰሰኒ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ወፍዩ፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ ስሙ ክጥቀስ ዘይደለየ ኤርትራዊ ነባሪ ከተማ ካትሪንሆልም - ሽወደን 12,000 ናቕፋ፣ ማሕበረሰብ ኤርትራውያን ነበርቲ ማዝይምን ከባቢኣን - ጀርመን 4,230 ዩሮ፣ ኤርትራውያን ተቐማጦ ዩተቦሪ - ሽወደን 64,000 ክሮነር፣ ታምራት መስዋእቲን ሸዊት መስዋእቲን ኣብ ክንዲ ተስከር ወላዲኦም ሃፍተዝጊ መስዋእቲ ገብረሂወት ወልዱ 50,000 ናቕፋ፣ ከምኡ'ውን ነበርቲ ሆላንድ ኤፍሬም ንኣምንን ህዘቦም ብርሃነ 720 ዩሮ ንምግባይ ስድራ ስውኣት ኣበርኪቶም፡፡

## ዝኽሪ መስከረም

# ብዛዕባ ገረብ ብሓኽላ - ሰነዳት እንታይ ይብሉ፧

ግርማይ ወልደግዮርጊስ (መንክኒዮ)

ሰነዳት ጉዳእቲ ኢትዮጵያ ምስ እንውክስ፡ ፈለማ ብዛዕባ'ቲ ፈላሚ ሰውራ ዝኾነ ሰወእ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ዝሓበሮም መረዳእታ ንምግላጽ ይኹን ወይ ድማ ፖለቲካዊ ምዝንባዕ ንምፍጣር ዓሊሞም ዝጸሓፉዎ እዚ ዝስዕብ ንረክብ፡

"እቲ ኣብ ፈለማ ብውልቃዊ ባእሲ ጀሚሩ ኩነታቱ ናብ ፖለቲካ ዝቐየረ ጉጅለ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፡ ምስ ናይ ወጻኢ ሃገራት ዝምድናታት ብምፍጣር፡ ፈለማ ብኣልቢኒ ጠበንጃ፡ ድሓር ግን ብዘመናዊ ጠበንጃ ተደጊፉ፡ ህዝቢ ብሰላምን ርግኣትን ናብራኡ ከይመርሕ፡ ንብረት ብምዝራፍን ሰብ ብምቕታልን ሸግር ስለዝፈጠረ፡ ነዚ ጉጅለ'ዚ ንምምካት፡ ዘመናዊ ዝኾነ ናይ ውግእ ስልቲ ዝተማህረ 'ኮማንደስ' ዝተባህለ ሓይሊ ኣብ ውሽጢ ፖሊስ ምምስራት ስለዘድለየ ብ1964 ኣብ ደቀምሓረ ስልጠና ክወሃብ ጀመረ" ይብል።

ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ምስ ተመስረተ ካብ 1961-64 ኣብ ዝነበረ ዓመታት ዘካይዶ ዝነበረ ወተሃደራዊ ስርሒታት ዓቢ ስግኣት ስለዘሕደረሉ እዩ "ገረብ ብሓኽላ" ብዝብል ሜላ ንኤርትራውያን ሓድሕድ ንምንቛት ሓይሊ ኮማንደስ ንምቛም ዝተጓየየ። ነዚ ዕላማ'ዚ ዘተግብሩ መንእሰያት ድልዱላት ጸባ ጸጉብ ኮይኖም፡ ካብ ጭውው ዝበለ ገጠራት ዝመጽኡ፡ በረኻታት ዝፈልጡ፡ ኣካዳምያዊ ብቕዓቶም ኮነ ፖለቲካዊ መንቀሳቐሲታኦም ትሑት፡ "ግበሩ" ዝበልካዮም ጥራይ ዝገብሩ ክኾኑ እዮ ተመሪጾም።

ሰነዳት ኢትዮጵያ ብዛዕባ ውጽኢት ናይዚ ሓይሊ'ዚ ክገልጽ እንከሎ፡ "እዚ ጉጅለ እዚ (ኮማንደስ) ብወተሃደራዊ ብቕዓቱን ቀራጽነቱን ዝተፈልየን ኣድማዕን ብምንባሩ ቀጻልነቱ ኣውሒሱ" ይብል። ሓደ ካብ መርኣያ "ኣድማዕነት" ኢሉም ዝጠቕሱዎ፡ ኣብ ሓልሓል ዝተኻየደ ግጥም ኮይኑ፡ ኣብ ጋዜጣ "ሕብረት፡ ሰሉስ 24 መስከረም 1968" ብኸምዚ ዝስዕብ ተገሊጹ ኣሎ።

"ልኡል ኣሰራት ካሳ (ምስለኔ ወይ 'እንደራሴ' ንጉስ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ) ነቲ ኮማንደስ፡ ኣብ ልዕሊ ወንበዴታት ዓወት ዝተጎናጸፉሉ ናይ ሓልሓል ዕርዲ ድሕሪ ምርኣዮም፡ ኣብ ከረን ኑቶም ጀጋኑ ናይ ጅግንነቶም ምስክር ዝኾነ መዳልያታት ሸሊሞም።

". . . እቶም ልኡል ናብ ቀዳም 07 መስከረም 1968 ዓ.ም. ኣብ ዘውግሐ ለይቲ፡ ሓደ ናይ ኮማንደስ ክፍሊ፡ ኣብ ልዕሊ ወንበዴታት ፍጹም ዓወት ዝተጎናጸፈሉ ዕርዲ ንምርኣይ ብሄሊኮፕተር ናብ ሓልሓለ ከይዶም። ክቡር እንደራሴ ኣሰራት ካሳ ነቲ መዳርግቲ ዘይብሉ ጅግንነት ዝተፈጸመሉ ቦታ ሓደ ብሓደ ተዓዚቦም።

". . .ልኡል ኣሰራት ካሳ ኣብ ዝተቐረበሎም ናይ ኩብሪ መንበር ብዝተቐመጡ፡ ናይ ኮማንደስ ብርጌድ ኣዛዚ ኩሉኔል ገብረመድህን ሓጎስ፡ 'ኮማንደስ ኣብዚ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓመታት ካብ ዝምስረት ንነጀው፡ ቡቦግዚኡ ኣብ ሓያለ ቦታታት ምስ ሸፋቱ (ተጋደልቲ) ኣብ ዝተገብረ ግጭት፡ ዝምስገንሞያ ዘርኣየ ክኸውን እንከሎ፡ ንዘመጽእ'ውን ግዴታኡ ንምፍጻም ድሉው እዩ'። ንናይ ኢትዮጵያ ኣንድነት ንምፍልላይ ብዝተላዕለ፡ ንፍሉይ ጠቕሞም ተጎዝእቲ ዝኾኑ ሓደ ክልተ ብደቂ ወጻኢ ዝተገዝኡ ሸፋቱ፡ ዝሓለፈ 07 መስከረም ኣብ ሓልሓል ኣብ ዝተባህለ ወረዳ ዝርከብ መደበር ፖሊስ ሓደጋ ምስ ወደቑዎ፡ እዞም ሎሚ ኣብ ቅድሚ ልዑልኑቶም ተሰለፎም ዘለዉ 58 ኮማንደስን ብጅግንነት መስዋእቲ ዝኾኑ 03 ኣባላትን፡ ብዓቢ ቀራጽነት ካብኣቶም ካብ 10 ዕጽፊ ንላዕሊ ኮይኑ ምስ ዝመጽኦም ናይ ሸፋቱ ጭፍራ ተዋጊኦም፡ ካብኣቶም ሸፋቱ ሓያሎ ቀቲሎም ብዙሕ መሳርያታት ከኣ ከማርኹ ክኢሎም።

"ካብቲ ብዙሕ ዝፈጸሙዎ ዘደንቕ ተግባራት ውሑዱ ኣብነታት ከቕርብ ክፍቀደለይ ኣቐዲመ እልምን።

"1ይ - ወተሃደር ተኽሉም ወልደጋብር፡ ናይ መትርየስ ምድብ ኮይኑ፡ ብትግሃትን ፍጥነትን ሸፋቱ ዕርዲ ጥሒሶም ከይኣትዉ ኣብ ርእሲ ምክልኻሉ፡ ንሂወቱ ድሕር ከይበለ፡ ብቐራጽነት- ሸፋቱ ዝደርበዩሉ ናይ ኢድ ቦምባ ገና ቅድሚ ምብርዑ ብኢዱ ጨቢጡ እንደገና ናብ ሸፋቱ መሊሱ ብምድርባዩ፡ ሰለስተ ሸፋቱ ኣብ ርእሲ ምቕታሉ፡ ኑቶም ምስኡ ዝነበሩ ሓሙሽተ ኣባላት ኮማንደስ ኣድሒኑ። 2ይ - ሓለቓ 100 ካሳ ምስጋና፡ መራሒ ብምኳኑ ብቀራጽነትን ግልጺ ብዝኾነ ናይ ውግእ ትእዛዝ ኣወሃህባን ብዘይ ገለ ሓገዝ ኑቶም ዕጽፊ ዝኾኑ ወንበዴታት ን12 ሰዓታት ተታኺሶም ልዕሊ 60 ዝኾኑ ሸፋቱ ክቕትሉ እንከለዉ፡ ቀሊልን ከቢድን መሳርያ ከምኡ'ውን ብዙሕ ጠያይቲ ማሪኾም። 3ይ - ናይ መትርየስ ምድባት ዝነበሩ 6 ኣባላት ዕርዶም ከየድፈሩ ብጠዚሒ ንዝመጽኡዎም ሸፋቱ፡ ብትግሃትን ፍጥነትን፡ ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናቐያየሩ፡ ብምክልኻል ንሰፈሮም ስለዘየድፈሩ። 4ይ- ወተሃደር በራኺ ኣሰረስ ዝተባህለ ናይ ረድዮ ምድብ፡ ንዝተበላሸወ ናይ ረድዮ መሳርሒ ብትግሃት ሰሪሑን ጸጊኑን መልእኽቲ ብምትሕልላፍ ሓገዝቲ ጠይቑም ከምዘለኣኽሉም ስለዝገበረ። 5ይ - እቶም ዝተረፉ ድማ፡ ከጥቅዕዎም ንዝመጽኡ ሸፋቱ፡ ብጠዚሑም ከይተሸበሩን ከምህ ከይበሉን፡ ብድፍረትን ቀራጽነትን ንዋሕ ሰዓታት ንሸፋቱ ክከላኸልዎምን ከጥቅዕዎምን ብምኽኣሎም።

"እዚ ተረኺቡ ዘሎ ዓወት፡ ካብቲ ቅድሚ ሎሚ ዝተገብረ ናይ ጅግንነት ሞያ ኣዝዩ ክብ ዝበለን ዓቢ ክእለትን ስለዝኾነ ከም ሞያኦምን ክእለቶምን ብልኡልነቶም ንክሸለሙ ተሰሊፎም ኣለዉ። ዕድመ ንግርማዊ ንጉሰ ነገስት. . . ዕድመ ንልዑል ኣልጋወራሽ (ወራስ ዓራት). . . ዕድመ ንልዑላን ቤተሰብ. . . ኢትዮጵያ ብስጹት ኮሪዓ ንዘልኣለም ትንበር!" ክብል መደረኡ ዛዚሙ።

ልዑል ኣሰራት ካሳ ድማ፡ መዳልያታት ምስ ሃቡ፡ እዚ ዝስዕብ መደረ ኣቕሪቦም።

"እዚ ካብ ግርማዊ ንጉሰ ነገስት ንፖሊስ ሰራዊት ዝተዋህበ መዳልያ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ላዕለዋይ ደረጃ መዓርግ ዝሓዘ ናይ ስብእነትን ቀራጽነትን ምስክር እዩ።

"እዞም ብቑጽሮም ውሑዳት ኣባላት ፖሊስ ሰራዊት፡ ንዘመጽኦም ሓደጋ ንምግታእን ንምቅዋምን ንምድምሳስን ዝፈጸሙዎ ሜላ፡ ኣቡቲ ስፍራ'ቲ ኬንካ ክርአ እንከሎ፡ ብሓቂ ንዝኾነ ሰብ ዘደንቕ'ዩ። ብኣጸዋር ጥራይ ዘይኮነ ብምልኣት ልብን ቀራጽነትን ከም ዝሰርሑ እቲ ቦታ ባዕሉ የረድእ። ብፍላይ ከኣ ሓደ ወተሃደር ዝገበሮ፡ ማለት ብናይ ጸላኢኡ ኣጽዋር መሊሱ ንጸላኢኡ ንምጥፋእ ዝገበሮ (ቅያ) ነዚ ናይ ጠቕላይ ግዝኣት ፖሊስ ሰራዊትን ጦር ሰራዊትን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ናይ ምሉእ ንጉሰ ነገስት መንግስቲ ሰራዊት ናይ መጀመርያ ምዕራፍ ሓዙ ዝኑብር ዘኹርዕ ታሪኽ እዩ ዝፈጸመ። እዚ ስራሕ'ዚ ኣብ ዝመጽእ ኣብ ፖሊስ ሰራዊት ኮነ ኣብ ምሉእ ኢትዮጵያ ናይ ፖሊስ ታሪኽ ናይ መጀመርያ ምዕራፍ ሓዙ ክኑብር እዩ።

"እዞም ዘጉጥምኹም ዘለዉ፡ ሃገርና ንምውራር ዝመጽኡ ጸላእቲ ደኣምበር ኣሕዋትኩም ኣይኮኑን። ዝሞቱሉን ዝሕረዱሉን ዘለዉ ምኽንያት፡ ንህዝብን ሃገርን ህዝቦምን እንተዝኸውን ዝበለጸ ነይሩ። እንተኾነ ግን ዝሞቱ ዘለዉ ብቐንዱ ንጥቕሚ ካልኦት ሃገራት እዩ። ኣብ ሃገርና ኣብ ዝኾነ ታሪኽ እንተተመልከትኩም፡ ሸፍታ ንቀዋሚ መንግስቲ ኣጥቂዑ ስልጣን ዝጨበጠሉ ግዜ ተራእዩን ተሰሚዑን ኣይፈልጥን። ምኽንያቱ ሸፍታ ኣብ ልዕሊ ጉዳእ ርእሱ'ውን ዝዓመጸ ስለዝኾነ፡ ናይ መወዳእታ ጥፍኣት ኣብ ልዕሊኡ እዩ ዝፍጸም። እዞም ሕጂ ዝሸለሙ ዘለዉ ናብዚ ደረጃዚ ክበቕዑ ዝኸኣሉ፡ ምሉእ ሓሞትን ስብእነትን ስለዘለዎም ጥራይ ዘይኮኑ፡ ብናይ መራሕቶም ኣመራርሓ ዝተላዕለ ስለዝኾኑ፡ ነዚ ናይ ኮማንደስ ሓይሊ ንምቛምን ከምዝኑበርትዕ ኣብ ምግባርን ዓቢ ግደ ዝነበሮምን ናብዚ ደረጃ ዘብጽሑምን መጀር ጀነራል ዘርኢማርያም ኣዛዚ ስለዝኾኑ፡ ክብ ዝበለ ምስጋና ይግብኦም" ክብል ዘረባኡ ዛዚሙ። (ጉዳይ መጀር ጀነራል ዘርኢማርያም ኣዛዚ ድሒሩ ክቕርብ'ዩ)

ኣብታ ብምኽንያት መበል 64 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ "ዝኽሪ መስከረም - ካብ ካይሮ ክሳብ ኣዶብሓ" ብዝብል ኣርእስቲ ብስጸረኣብ ኣዛዚ ዝቐረበ ተኸታታሊ ጽሑፋት፡ ብዛዕባ እዛ ዝተጠቐሰት ውግእ እትገልጽ ክፋል ከምዝሳታ ኣቕርባ።

"ካልኣይቲ ክፍሊ ኣብ መጀመርያ መስከረም ኣብ ሓልሓል ዘካየደቶ ውግእ ብቐንዱ ኣብ ጸኑዕ ዕርዲ ንዝነበረ ሓይሊ ኮተጥቅዕ ምፍታን፡ ብፖለቲካዊ ሕሳብት ዝተደረኸ ናይ ስትራተጂ ጌጋ እዩ ነይሩ። ወተሃደራት ኢትዮጵያ (ኮማንደስ) ሓበሬታ ረኺቦም ነይሮም ዝብል ሓበሬታ'ውን ኣሎ። በዚ ድማ እቶም ብቑጽሪ ብዙሓት ዝነበሩ ተጋደልቲ ኣብ ልዕሊ'ቶም ብሓለቓ 100 ካሳ ምስጋና ዝምርሑ ዝነበሩ ሓምሳ ወተሃደራት (ኮማንደስ) ክዕውቱ ኣይከኣሉን። ኣብቲ ካብ ዕራርቦ ክሳብ ወጋሕታ ዝተኻየደ ሓያል ውግእ፡ ብጠቕላላ 62 ተጋደልቲ ተሰዊኦም፡ ብዙሓት ከኣ ተወጊኦም። ከም ሳዕቤኑ ናይታ ክፍሊ መዋቕር ተብታቲኑ፡ ሓለፍቲ ክፍሊ ከኣ ተሰዊኦም።

"ነታ ውግእ ዝመርሐ መራሒ ክፍሊ ዑመር እዛዝ ካልኣዩ መራሒ ናይታ ውግእ መሓመድ ዓሊ ጻዕዳ፡ ከምኡ'ውን ካልኦት መራሕቲ ከም ብዓል እድሪስ ዑስማን ማካልሰ፡ ጃብር ጀንጀር፡ መሓመድ ዓቡ ሳልሕ ኢድሪስ ሓምድ፡ ሱዳናዊ መሓመድ ኣድም ዓብዱላሂ ኣቡብከር ተሰውኡ። ድሕሪ'ቲ ውግእ 49 ካብ ስውኣት ሓልሓል ሬሳኦም ናብ ከረን ተወሲዱ ኣብ ጃራ ፊዮሪ ከረን ተሰጢሑ ወዓለ። ዋላ'ኳ እታ ክፍሊ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ዳግማይ እንተተወደበት ብዓይነት ክትክኡ ዘይክእሉ ተጋደልቲ እያ ከፊላ።"

ነዚ ኣብ ፈለማ መድረኽ ናይ ቃልሲ ከምዚ ዓይነት ክሳራ ዘውረደ ዝነበረ ናይ ኮማንደስ ሓይሊ፡ ዘሰልጥኑ ዝነበሩ ኩሉኔል ዩታን፣ ካፕቴን ኡሪ፣ ተለንት ኣሚት፣ ተለንት ኤዝበስ ዝተባህሉ እስራኤላውያን መኮንናት ክኾኑ እንከለዉ፣ ምስኣቶም ኩሉኔል ፍቃዱ ዋከኔ፣ ኩሉኔል ካሳ መኮንን፣ ካፕቴን ኣለቃ ታየ ዝተባህሉ ኢትዮጵያውያን ነበሩ።

ኣብዚ ክጥቀስ ዝግባእ ሓደ ጉሉሕ ጉዳይ ኣሎ። ከምቲ ብኣፎም "ኤርትራ ኣካል ኢትዮጵያ እያ፡ ኤርትራውያን ኢትዮጵያውያን እዮም ዝብሉዎ" ዝሓስቡን ዝኣምኑን ነይሮም እንተዝኾኑ፡ ንምንታይ እዞም ዝተጠቕሱ ኣሰልጠንቲ እስራኤላውያንን ኢትዮጵያውያንን ጥራይ ክኾኑ ተመሪጾም። ምኽንያቱ ኣብቲ ግዜ'ቲ ካብኦም ንወተሃደራት ኢትዮጵያ ዘሰልጥኑ ዝነበሩ ብዙሓት ኤርትራውያን መኮንናት ነይሮም እዮም። ኣብ ምልመላ ናይዞም ኮማንደስ ግን ክጸንበሩዎም ኣይደለዩን፡ ነቲ ዝመልመሉዎ ሓይሊ ኢትዮጵያዊ ከምስሉዎ እውን ኣብኦም ሰልጠንቲ ኢትዮጵያውያን ኣይሓወሱን። እቲ ምስጢር፡ "ገረብ ብሓኽላ" እዩ ነይሩ። እቲ ዕላማ ከምቲ ኣብ ውግእ ሓልሓል ዝተራእየ ኣዝዩ ዘሕዝን ምቕትታል ኣሕዋት ንሓድሕድና ንምንቛት እዩ ዝነበረ። ሓይሊ ኮማንደስ ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ኤርትራ ክኑር ጸልእን ንዕቀትን ንክህሉዎም ድማ ብድሑር ኣተሓሳስባ ዝተላዕጠጠ መርዛም ፖለቲካዊ ጎስጓስ ይካየደሎም ነይሩ። . . . እንተኾነ እዚ ሓይሊ'ዚ መጨረሽታኡ ከምቲ ዝሓሰቡዎ'ዶ ኮይኑሎም፧ ጸኒሕና ክንርእዮ ኢና።

ኣመዳድባ ናይዚ ኮማንደስ ዝተባህለ ሓይሊ ከምዚ ዝስዕብ ነበረ፥ 3ይ ቦጦሎኒ ማእከላይ ቤት ጽሕፈቱ ደንጎሎ ኮይኑ፡ ኣብ ጊንዳዕ፡ ደማስ፡ ጋሕተላይ፡ ጎድዓለ፡ ጠያ፡ እምባትካላ፡ ኣፋሲትን ነቑጣታት ብምፍጣር ተጋደልቲ ይንቀሳቐሱሉ ኣብ ዝበሃል ቦታታት ኣድብዩ ብምጽናሕ ይቃጸ ነበረ። ካብ ኣስመራ ንጸዕ ዘወርድ ቃፍላይ ምዕጃብ ድማ ስርሑም ነበረ። 4ይ ቦጦሎኒ፡ ማእከላይ ቤት ጽሕፈቱ ትራክ ኤይ (Track A) ኣስመራ ኮይኑ፡ ኣብ ከባቢ ዓዲ ተከሌዛን- ትራክ ሲ - ቁሸትን ሓለዋ የካይድ ነበረ። 5ይ ቦጦሎኒ- ማእከላይ ቤት ጽሕፈቱ ኣስመራ ሰምበል ኮይኑ፡ ከባቢ ሰላዕ ዳዕሮ፡ ድባርዋ፡ ዓርበረቡዕ፡ ሸግርኒ፡ ጻዕዳኽርስታን፡ ማይኑፋሒ፡ ኣብ- ርእሲኡ'ውን ኣብ ውሽጢ ኣስመራ ዝርከባ ትካላት መንግስትን ብሕትን ባንክታት፡ ሆስፒታላት ወዘተ. ይሕሉ ነበረ። 6ይ ቦጦሎኒ፡ ማእከላይ ቤት ጽሕፈቱ፡ ባረንቱ ኮይኑ፡ ኣብ ሃይኮታ፡ ተሰነይ፡ ጎኒ፡ ተላታ ዓሸር፡ ኦምሓጀር፡ ኣዲባራ፡ ነቑጣታት መስሪቱ፡ ካብኡ ኣብ ሃደን ተጋደልቲን ኣብ ምክትታል ተጋደልቲ ዝብልዑን ዘስትዩን ሰላማውያን ሰባትን ተዋፊሩ ነበረ። 7ይ ቦጦሎኒ፡ ማእከላይ ቤት ጽሕፈቱ ዓዲ ቀይሕ ኮይኑ፡ ኣብ ሰገነይቲ፡ ደቀምሓረ፡ ሰንዓፈ፡ መረብ፡ መንደፈራ፡ ነቑጣታት ገይሩ ክሳብ ዓዲ ግራት ንዘንቀሳቐስ ቃፍላይ ይዕጅብ ነበረ። 8ይ ቦጦሎኒ፡ ማእከላይ ቤት ጽሕፈቱ ከረን ኮይኑ፡ ናቕፋ፡ ኣፍዓበት፡ ሓጋዝ፡ ዒላበርዒድ፡ ሃብረንገቓ ቀወምቲ ነቑጣታት መስሪቱ፡ ነተን ካብ ኣስመራ ናብ ከረን ይኹን ኣቑርደትን ባረንቱን ከምኡ'ውን ሳሕል ዝንቀሳቐሳ መካይን ይዕጅብ ነበረ።

### ኮማንደስ ድሕሪ 1974

ሓይሊ ኮማንደስ ካብ ዝቐውም ክሳብ 1974 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ ንሰውራ ኤርትራ ቀንዲ ዕንቅፋት ነበረ። ምኽንያቱ፡ መሬትን ህዝብን ጽቡቕ ገይሩ ዝፈልጥ ወዲ ሃገር ስለዝነበረ። ኣብዚ ዝተጠቕሰ ዓመት ምህረት ሰውራ ኤርትራ ብፍላይ ድሕሪ ምፍላይ ህዝባዊ ግንባር፡ ካብቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ኩነታት እናተመሓየሸን እናሓየለን ዝኸደሉ እዋን ስለዝነበረ፡ ኮማንደስ'ውን ከም ደቂ ሃገር ምስ ግዜ ብተጋደልትን ህዝብን ዝግበረሎም ዝነበረ ጎስጓሳትን ምዕዶን፡ ንቕሓቶም ክብ እናበለ ሃገራውነት እናተሰምዖም መጹ። ነዚ ሜላ ገረብ ብሓኽላ ንምፍሻል ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ይኹን ህዝባዊ ሓይልታት ዝተኻየደ ሓያል ጻዕርታት ድማ ዓቢ ኣበርክቶ ነበሮ። ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍና፡ ኣብ ጥቅምቲ 1974 ካብ ህዝባዊ ሓይልታት ናብ ኮማንደስ ዝተላእኸ መልእኽቲ ከነቕርብ ኢና።

**ይቕጽል . . .**

# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

## ኮም ዝሰረቱ ልምዓትን ማሕበራዊ ለውጥን

በረኸት ጊደዎን
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

ማሕበራዊ ለውጢ፡ ብሃገራዊ ፖሊሲታትን ዓለማዊ ሓይልታትን ጥራይ ኣይኮነን ዝድረኽ፣ ካብ ዘቤታዊ ኮማት'ውን ይብገስ እዩ። ኮም ዝሰረቱ ልምዓታዊ ተበግሶታት ኑዩም መሰረታውያን ዳይናሚክስ፡ ዘቤታዊ ፍልጠትን ህያው ተመኩሮን ሕብረተሰብ ብምርዳእ፡ ኣብ ልምዓት ወሳኒ ተራ ይጻወት። ምምስራት ኮም፡ ንህዝቢ ካብ ልኡም ተዓዛቢ፡ ናብ ዋና ልምዓታዊ መደብት ብምስግጋር ንጡፍ ተዋሳኢ ገይሩ ኣብ መደባት ልምዓት የሳትፍ።

ኮም ዝሰረቱ ልምዓት፡ ብዘቤታዊ ኣገባብ ዝመሓደር ፋይናንሳውን ማሕበራውን ደገፋት ኮይኑ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ኣከባብያዊ ጸጋታት ኣባላት ኮም ንምምሕያሽ፡ ጸጋታት ብምትሳዃ፡ ብምምሕዳር፡ ብምውሃር፡ ልምዓታዊ መደባት ንኸተግብር ዝቖውም ኣካል እዩ ተባሂሉ ክግለጽ ይከኣል። ብዘይካ'ዚ ኮም፡ ንምምሕያሽ መነባብሮ፡ ምንካይ ድኽነትን፡ ምሕያል ማሕበራዊ ጥምረትን ሕብረተሰብ ብምድንፋዕ፡ ንመትከል ርእሰ ምርኮሳን ማሕበራዊ ፍትሕን፡ ኣብ ባይታ ንምትግባር መሳርሒ ኮይኑ የገልግል።

ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት፡ ብዝተፈላለዩ ሃገራት ኣብ ዝዘርጋሕ ልምዓት ተኮር መደባትን ፖሊሲታትን፡ እቶም ሃገራት፡ ምስ ዕላማታቶም ኣተሓሒዞም ኣድላይነትን ኣበርክቶን፡ ኮም ዝሰረቱ ልምዓት፡ ኣብ ምፍታሕ ጸገማት ሕብረተሰብ ወሳኒ ምዃኑ፡ ጸቒጦም ክዛረቡሉ ይሰምዑ እዮም። ነዚ ንምስላጥ፡ ኮም ኑቲ ትጽቢት ዝግበረሉ ማሕበራ-ቁጠባዊ ለውጢ ኣብ ምምጻእ ኣድማዕን ስሉጥን ተራኡ ምእንቲ ክጻወት ብቑዕ ውዳብ የድልዮ። ነዚ ከውን ንምግባር ከኣ፡ ኣድማዕነቱን ውጽኢታውነቱን ቀጻሊ ምግምጋም ኣገዳሲ እዩ።

ሕብረተሰባት መምስ ኩነታቶም ዝኸይድ ውዳበታትን ኣበርክቶን ኮም ዝሰረቱ ልምዓታዊ ምንቅስቓስ ኣብ ምግባር ይርከቡ። ኣብ ሃገርና፡ ካብ ነዊሕ ዝጸንሐ ኣብ ክብርታት ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ዝመሰረቱ ንጸገማት ናይ ምሕጋዝ ባህሊ ጸኒሑ እዩ።

ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ከም ወፈራ፡ ብዕራይ ማህጺ፡ ወህቡዮ ጸባን ዒባን በዓላት፡ ምጽንናዕ ኣብ ሓዘን፡ ምፍታሕ ግርጭታት፡ ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ንነውሕ ዝበለ እዋናት ዝጸንሑ እዮም። ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ፡ ካልኦት ብውህደት መንግስትን ህዝብን ዝትግበሩ፡ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት፡ ከም ምስራሕ ዲጋታት፡ ምስራሕ ጽርግያታት፡ ደገፍ ስድራቤት ሰውኣትን ጽጉማትን፡ ግብረ መልሲ ንህጹጻት ቅልውላዋት ዝኣመሰሉ መደባት፡ እናሓየሉ ዝኸዱ ዘለዉ፡ ኣበርክቶ ኮም ዝያዳ ዘጕልሑን ምኳኖም ምርዳእ ይከኣል።

ግብራዊ ኣበርክቶ ኮማዊ ኤርትራዊ ውዳበታት፡ ብፍላይ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ናብ ዝበረኸ መድረኽ ምብጻሑ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ንናጽነትን ምኽብር ልኡላውነትን ተወፊኡ ዝገበሮ ኣበርክቶ፡ ዓቢ መርኣያ ናይዚ እዩ። ክሳብ ሕጂ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ብመንግስቲ ንጽጉማትን ስድራቤት ስውኣትን ዝግበር ዘሎ ደገፋት፡ ካብ ውሽጥን ወጻእን ብርኽት ዝበሉ ኤርትራውያን ዜጋታት፡ ብውልቅን ብውዱብ መልክዕን ንጽጉማት ስድራቤታት ሰማእታት ንምሕጋዝ ዝተፈላለዩ ተበግሶታት ወሲደም እዮም።

ኣብ ልዕሊ'ዚ ደገፋት፡ ብውህደት ህዝብን መንግስትን ንስድራ ሰማእታት፡ ከም ምጽሃይ፡ ዓጺድን ምእካብ እኽልን፡ ምስራሕን ምጽጋንን ኣባይቲ፡ ናይ ስልጠናን ስራሕን ዕድላት ምፍጣርን ምጥያሶን ዝኣመሰሉ ደገፋት ምኽያዶም፡ ዓመታዊ ጸብጻብት ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዘንጸባርቖምም ጭብጥታት እዮም።

ሰብ ሰርሖን ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታትን ዝጠንቁ ሃንደበታዊ ቅልውላዋት ኣብ ዚጋጥመሉ ክስተት፡ ኮማት ዕዙዝ ኣበርክቶ ኣብ ምምካት እዞም ሽግራት ክገብሩ ጸኒሖም እዮም። እዚ ኣብ ግዜ ቅልውላዋት፡ ንምምካቱ ዝግበር ዕዙዝ ኣበርክቶ፡ ንሓይሊ ናይ ኮማት ዘርእዮና እዩ። ናይ'ዚ ኣብነት ኣብ 2020 ዘጋጠመ ዓለማዊ ለበዳ ኮቪድ-19 ንምምካት፡ ኣብ ልዕሊ ናይ መንግስቲ ደገፋት፡ ካብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን፡ ብውልቂን፡ ብጉጅለን፡ ብዓድታትን ምምሕዳራትን ዝተገብረ ንጡፍ ኮማዊ ኣበርክቶ፡ ኣብነት ክኸውን ዝኽእል ህያው ስራሕ እዩ።

ኮማዊ ሰረት ልምዓት ክዕወት እንተኾይኑ፡ ብቑዓት ውዳቡ ወሳኒ እዩ። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ኮሚተታት ኮማዊ ሰረት ተሃድሶን ልምዓትን፡ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ኤርትራ ቆይመን፡ ንማሕበራዊ ለውጢ ዘገልግሉ ልምዓታዊ መደባት ኣብ ምዕዋት ይሰርሓ ኣለዋ። ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ንሽንኩላን፡ ህጻናት፡ ኣረጋውያን፡ ተናበይቲ ጎደና፡ ለማኖ፡ ሽማግለታት፡ ዘኽታማት፡ ብደቂ ኣንስትዮ ዝምርሓ ስድራቤታትን ካልኦት ጽጉማት ክፋላት ሕብረተሰብን፡ ማሕበራዊ ጸገማቶም ኣብ ምፍታሕ ኣብ ዘካይዶ ንጥፈታት፡ ተራ ኮም ዕዙዝ እዩ።

ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ኮማዊ መፍትሒታት ዝሕመረቱ ዕላማ ዝሓዘ ኣብ ዞባታት ደብባውን ሰሜናውን ቀይሕ ባሕሪ፡ "ኮም ዝሰረቱ ምንካይ ሓደጋታት" ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ 2016 መጽናዕቲ ኣካይዱ ነይሩ። እዚ ከኣ፡ ኮማዊ ሰረት ልምዓት ንምዕዋትን ኣበርክቶኡ ንምርዳእን ዝዓለመ እዩ።

ሕመረት ዓለማዊ ፍልስፍና ኮማዊ ልምዓት፡ ብኣገደስቲ ሓሳባት ዝምእዘን እዩ። ዝኾነት ሃገር፡ ስሉጥን ብቑዕን ማሕበራዊ ኣገልግሎት ብምሃብ፡ ንነዊሕ ዓመታት ብዓወት ክትከይድ ትኽእል እያ። እንተኾነ ዝተፈላለዩ ብደሆታት ምግጣምም ዘይተርፍ እዩ። ዋሕዲ ህዝባዊ ጸጋታት፡ ቀጻሊ ዕብየት ልምዓታዊ ጠለባት፡ ምውሳኽ ናህሪ ህዝቢ፡ ክሊማዊ ለውጢ ዘምጽኦም ተደጋገምቲ ነውጽታትን ቁጠባዊ ዘይርጉእነት ብዘኸትሎ ምንካይ ኣታዊታትን፡ ማሕበራዊ ጸገማት ሕብረተሰባት ዓለም ኣብ ምግዳድ ይርከቡ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ ኣገዳስነት ኮማዊ ሰረት ልምዓት፡ ሓደ ካብ መፍትሒታት ማሕበራዊ ጸገማት ኮይኑ ይቐርብ።

ኮማት፡ ዘቤታዊ ማሕበራ-ቁጠባዊ ጸገማት ኣብ ዚጋጥመሉ እዋን፡ ንምፍትሖም ኣብ ናይ መንግስቲ ምወላ ጥራይ እንተ ተመርኲሶም፡ መደባት ኮማዊ ልምዓት ናይ ምዝሕታል ኩነታት ክረኣዩም ተኽእሎ ኣሎ። ስለዚ መደባት ኮማዊ ማሕበራዊ ልምዓት ንምዕዋት፡ ካብ ደገፋት መንግስቲ ጥራይ ከይተጸበኻ ባዕልኻ ተበግሶታት ምውሳድ የድልዩ። ኣብ መደባት ኮማዊ ልምዓት፡ መንግስቲ ከም ቀንዲ መሳርሕቲ፡ ኮም ድማ ከም ቀንዲ ተግባሪ መደባት ልምዓት ተገይሩ ኣብ ዝውሰደሉ እዋን፡ መደባት ልምዓት ክዕወቱ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ።

ኣብ ገለ ገለ እዋናት፡ ንፍልስፍና ኮማዊ ሰረት ልምዓት ዝምልከት፡ ሓደ ሓደ ዘይቅቱዓት መረዳእታታት ኣለው።




ገሊኦም ኮማዊ ሰረት ልምዓት ከም ምሉእ ብምሉእ ንመንግስቲ ዝግልል ስትራተጂ ገይሮም ይወስድዎም። ካልኦት ድማ፡ ንተራ ኮማዊ ሰረት ልምዓት፡ ብስነ-ፍልጠታዊ ባህርያኡ ብምግላጽ፡ ንኮሪ ኩነታት ኣብ ግምት ብዘየእተወ መንገዲ፡ ኣብቲ መደባት ዝተጋነነ ትጽቢት ይገብሩ። ገለ'ውን ኮም ብዝጠልቦ ልዑል ፋይናንሳዊ ምወላታት፡ ክነቕፉ ይሰምዑ።

ምስ'ዞም ዝተገልጹ መረዳእታታት ተታሓሒዙ፡ ኮማዊ ማሕበራዊ ልምዓት፡ ኣብ ምዕዋት መደባት ልምዓት፡ ከም መተካእታ መንግስቲ ዘይኮነስ ተመላላኢ ብምዃን፡ ክጥፍ ምግባር መሰረታዊ ነገር ምዃኑ ይጥቀስ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ኣገባብ ኮማዊ ማሕበራዊ ልምዓት፡ ኮም ቀዳምነታቱ ባዕሉ ብምልላይ፡ ጸጋታት ብምትሳዃ ስራሕ የተግብርን የማሓድርን። መንግስቲ ድማ ቴክኒካዊን ፋይናንሳውን ኣልያን ተመላላኢ ደገፋትን ብምቕራብ፡ ኑቲ መስርሕ ይቆጻጸር፡ ይግምግምን ንምሕያሉ ዘኽእል ስትራተጅታት የተግብርን።


ንጥፈታት ኮማዊ ሰረት ልምዓት ንምዕዋት፡ ንጡፍ ተሳትፎን ደገፋትን መንግስቲ ኣገዳሲ ረቛሒ እዩ። ኣብ መንጎ ኣካላት መንግስትን ኣባላት ኮምን ክህሉ ዝግባእ ስጡም ዝምድና ኣዝዩ ወሳኒ እዩ። ኣብ ገለ እዋናት፡ ንንጥፈታት ኮም፡ ካብ ኣላይነት መንግስቲ ብምውጻእ፡ ኮም በይኑ መደባቱ ክተግብር ዝጸንዑ ሰባት ኣለው። ኣብ ዝኾነ ሃገር ማሕበረ ቁጠባዊ ለውጢ ንምምጻእ፡ ተራን ምወላን መንግስቲ 'ብጽሒት ኣንበሳ' ዘለዎ ነገር እዩ። ስለዚ ኮማት ርእሶም ክኢሎም ንጥፈታቶም ዘሰላስሉ መድረኽ ምፍጣር ማለት ተራ መንግስቲ ኣብ ኮማዊ ሰረት ልምዓት ምእላይ ማለት ኣይኮነን።

ዓለማዊ ፍልስፍና ኮማዊ ሰረት ልምዓት ንምትግባር ኣብ ዝድለየሉ እዋናት፡ ብመንጽር ነባራዊ ኩነታትን፡ ስነ-ሓሳብን ፖሊሲን ኤርትራ ተዛሚዱ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ተተግቢሩ ይርከብ። በዚ መሰረት፡ ኮማዊ ሰረት ልምዓት ኤርትራ፡ ኮማዊ ጸጋታት ብምትሳዃስን ምምሕዳርን፡ ምስ ሃገራዊ ልምዓታዊ ፕሮግራማት ዝመላላእ፡ ንፖሊሲታት ርእሰ-ምርኮሳ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ንሃገራዊ ዋንነት፡ ሓባራዊ ሓላፍነት፡ ማሕበራዊ ጥምረት፡ ምዕሩይ ተሳታፍነት፡ ውሕሉል ኣጠቓቕማ ዘቤታዊ ጸጋታት ዝኣመሰሉ፡ ንነዊሕ እዋን ናይ መንግስቲ ልምዓታዊ ኣገባባት ኮይኖም ዝጸንሑ፡ መትከላት ዘሀይል ክኸውን ኣብ ምግባር ቀጻሊ ጻዕሪ የድልዮ።

ኮማዊ ሰረት ልምዓት ዕላማታቱ ንምውቃዕ ኣብ ዝጉበሮ ንጥፈታት፡ ብፍላይ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ካብ ዘጋጥምወን ብደሆታት ገለ ንምጥቃስ፡ ድሩት ፋይናንሳዊ ጸጋታት፡ ድኹም ዓቕሚ ምሕደራ፡ ዘይብቑዕ ትግባረ ኮማዊ ውሳነታት፡ ዘይምዕሩይ ተሳታፍነት ዝተዋሰኑ ክፋላት ሕብረተሰብ፡ ኣብ ግዳማዊ ምወላታት ምምርኳስ፡ ድኹም ስርዓት ምክትታልን ገምጋምን፡ ካብቶም ንትግባረ መደባት ኮማዊ ልምዓት ኣብ ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ዘዕንቅፉ ረቛሒታት እዮም።

ኣብ መደምደምታ፡ ኮማዊ ሰረት ልምዓት፡ እቲ ዝዓበየ ኣበርክቶኡ፡ ኮማት ካብ ተጸባይነት ተናጊፎም፡ ንጡፋት ናይ መጻኢኦም ወሰንቲ ንክኾኑ ዘተባብዕ ናይ ልምዓት ፍልስፍና ምኻኑ፡ ካብ ሕመረት ፍልስፍናታቱ ምዃኑ ይጥቀስ። በዚ መሰረት መደባት ኮማዊ ሰረት ተሃድሶ፡ ኮማት ፋይናንሳዊ ሓላፍነት ዝስከሙ፡ ማሕበራዊ ጥምረት ዘውሕኑ፡ ትካላዊ ብቕዓት ዘመሓይሹ፡ ቁጠባዊ ዓቕሚ ዜጋታት ዘዕብዩ፡ ልምዓታዊ መደባት ድማ ብስሉጥነትን ጽፈትን ዘተግብሩ ንክኾኑ ኣብ ምግባር፡ ብቐጻሊ ክጸዓረሉ ዝግባእ ጉዳይ እዩ።





# ካብ ቀይሕ ዕምባባ ናብ ፊተውራሪ

ቶምቦሳ ኣስመላሽ

(ምንጪ፡ መጽሓፍ ‘ቀያሕቲ ዕምባባ’)

ኣብ ጽባሕ ምዝላቕ ባረንቱ፡ 1985 እዩ። ናብ ግንባራት ዝኸተትና ኣባላት ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕምባባ ኣብ ከርከበት ልዕሊ ሓደ ወርሒ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ናብ ግንባር ሓልሓል ተመደብና። ኣብ ኣሶማጥ ዝተቐበሉና ሓለፍቲ ክፍለ-ሰራዊት 96፡ ኑቶም 17 ኣባላት ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕምባባ ነበር ናብ ኢጋር ከቢድ ብረት ሰደዱና። ናብዞን ጋንታታት ፋሕ ምስ በልና፡ ኣነ ንበይነይ ናብ ዕርዲ እንዳ-ቄልቋል ወረድኩ።

ኣባላት ናይታ ጋንታ ሓደ ሳልስቲ ከጋይሹኒ ቀጸሉ። መጋቢ ዝበረ ብጻይ ክሕግዞ ኢለ ምስ ቀረብኩዎ፡ ንምሳሕ ዝኸውን ኮሚደረብርኻ ክንኣሪ ቁሪጽ ጀራብን ሓዚና ናብ ማዕዶና ዝበረ ኩርባታት ወጻእና። ብቖልዐና እንክለና ኑቲ ከበንዲ ባሊና ዝኸውን ኣብ ዘለላ ዝተጠምረ ኮሚደረ፡ ‘ጾብሒ-ኣቡን’ ንብሎ ነበርና። ጉዙዝ ክንጻወተሉ፡ ወይ ኣብኡ እንክሎ ክንበልዖ እምበር ኣይደታትና ኣብ ጾብሒ ከእትውኦ ርእየ ኣይፈልጥን። ኣብ እንዳ-ቄልቋል ግን ነታ ቀጣን ጾብሒ ዓደስ መታሓፍስቲ ስልሲ ይገና ነበረ።

ዘዘቖይሓ ጾብሒ-ኣቡን እናኣረና እንክለና ጸላኢ ናይ ሞርታር ደብዓብ ጀመረ። ኣባላት ጋንታና ናብ ሞርታራቶም ተጓየዮም ግብረ-መልሲ ተኸሲ ክህቡ እንክለዉ ብድሕሪኦም ብማዕዶ ንርእዮም ነበርና። ኣብታ ፈለማ ክሳተፋ ዝበረትኒ ተኸሲ ሞርታር ኣርሒቐ ብምጽንሐይ ምስ ዕድለይ ተራገምኩ። እቲ መጋቢ ግን፡ “እዚ ደኣ ቀጸሊ እንደዩ፡ ክሳብ ትርብርብ ክትትክስ ኢኻ ኣጅኹ” ኢሉ ኣደዓዓሰኒ።

ንምሸቱ መጋርያ ኣጉድና ኮፍ ኢልና እናዕለልና፡ ብዛዕባ’ቲ ዝወዓለ ምልውዋጥ ተኸሲ ተላዕለ። “ኩሉ ሞርታራትና 82 ጥራይ ኮይኑ’ምበር ሓደ 120 እንተዝህልወና ኣደብን መትሓዝናየን ነይርና” በለ መራሒ ጋንታ ወዲ ቀሺ። በዚ ዝተላዕለ ኣብ ኣጠቓቕማ ሞርታራት ብዙሕ ትንተናታት ተዋህበ። ኣብ መንጎ እቲ ዕላል፡ “ኣነ ኣብ ሂወተይ ምሉእ ፈጺመ ዘይርስዖ ሓንቲ ብርኽቲ ቦምባ 120 ኣላ” ኢሉ ወዲ ቀሺ፡ ኑቲ ዕላል ሓድሽ ናይ ዝኽርታት ኣንፈት ኣትሓዞ። ኣብቲ መጋርያ ዝበርና ኩላትና ዘረባኡ ክቕጽል ጌዲፍናዮ ጸንሕ በልና። “ኢታ ወዲ! እዛ ሓንቲ ቦምባ ዝበለኩም ዘለኹ፡ ዝበን ኣርብዓ ወዶ-ዘሞጋት ኣብኣ እንክላ ርፍትት ኣቢላተን” ምስ በሉ እቲ ቃላቱ ምስቲ ኣብ እዋን ንእስነተይ ኣብ ኣእምሮይ ዝተቐርጸ ዘይሃስስ ስእሊ ክገጣጠም ተፈለጠኒ።

“እዛ ትብላ ዘለኻ እፈልጣ’ዩ፡” በልኩ ከይተፈለጠኒ። ኩሎም ገረሙዎም፡ ገጾም ናባይ ጠውዮም ጠመቱኒ። ካብ ኣፈይ ዝመለቐ ዘረባ ንድሕሪት ክመልሶ ኣይከኣልኩን። ወዲ ቐሺ’ውን ዋሕዚ ዕላሉ ኣቋሪጹ ዓይኒ ዓይነይ ጠመተኒ። ኦሮማይ! ዘረባ ከይዳ’ያ።

“እዛ ትብላ ዘለኻ ቦምባስ እፈልጣ እየ” ደጊመ’ውን ብንጹር ቃላት።

“ክትፈልጣ ኣይትኽእልን ኢኻ እምበር” በለ ወዲ ቐሺ ቡቲ ‘ዓኾ’ ዘረባይ ክርትም ኢሉ እናሰሓቐ።

“እፈልጣ’የ።”

“ከመይ ገይርካ’ሞ ክትፈልጣ።”

እቶም ካልኦት ብጾት ኣብ መንጎ ኣትዮም፡ “ግደፎ እንዶ፡ እታ ዝፈልጣ ይንገረና። ንሳ እንተ ዘይኮይና ሽዑ ትዛረብ” ኣረሳሪሶም ንወዲ ቐሺ። ኣነ ንኽዛረብ ኣፍ ኣፈይ ይጥምቱ ከም ዝበሩ ተረዳእኩ። እዚ ኩሉ ዓመታት ኣልቢ ዘይብሉ ቦምባታት ተተኩሰሰ ሃዘ ሓንቲ ቦምባ ‘እፈልጣ’የ’ ምባለይ ነታ ገርሂ ኑብሰይን ወጣም መልሓሰይን ወቐስኩወን። ንድሕሪት ዝምለስ ዘረባ ስለ ዘይነበረ ግን ቡታ ዝጀመርኩዋ ክወጽኣ ወሰንኩ። “ኣብ ልዕሊ ኣፋሲት፡ ኣብ መገዲ ሰይዲቺ ኣርብዓ ወተሃደራት ብሓንቲ ቦምባ ዝተቐትሉ ርእየ ኣለኹ” ደርጓሕኩዋ ትኹን ኣይትኹን።

ሰቕ . . ። ብዘይካ’ቲ ሃልሃልታ ሓዊ ኑቲ ዕንጸይቲ እናነዋኞ ዘሰምዖ ዝበረ ‘ቀረረር’ ዝብል ድምጺ፡ ኣብ ክቢ እቲ መጋርያ ፍጹም ጸጥታ ሰፈነ። ናባይ ኣቕኒዐን ዝጸንሓ ኣዒንቲ ብጾት ኩለን፡ ናብ ወዲ ቐሺ ተጠውየን ግብረ-መልሲ ተጸበያ። ወዲ ቐሺ’ውን እንታይ ኢሉ ከም ዝምልስ ቃላት ከምእርር ድሕሪ ምጽናሕ፡ “ሓቂ’ሎ፡ ኣብ ኣፋሲት’ያ፡” ኣረጋገጸለይ።

“ምስ እንዳ ክንደይ ድኣ ነይርካ ንስኻ ሽዑ” ተወከሰኒ ወዲ ቐሺ።

“እንታይ እንዳ ክንደይ ድኣ! ንእሽቶይ ቈልዓ እምበር ነይረ፡ ኣብ ኣፋሲት እቕመጥ።”

“ኣንታ . . . ካብቶም ኣብ ምዝላቕ ባጽዕ ምሳና ዝወጽኡ ቀያሕቲ ዕምባባ ጥራይ ኪይትኸውን”

“ጽቡቕ ኣለኻ፡ ኣይተጋገኻን።”

በዚ ዝጀመረ ዕላል ክልተና፡ ሸውዓተ-ሸሞንተ ዓመታት ንድሕሪት ተመሊሱ ንሰምሃርን ሳሕልን ወረደ።

ብወገን ባሕሪ ኣንጊሁ ዝጀመረ ከቢድ ተኸሲ ክሶማዕ ወዓለ። ኣማስያኡ ውጉኣት ጦር-ሰራዊት ዝጸዓና መኪይን ናብ ኣስመራ ይድይባ ነበራ። ጽርግያ ኣስመራ-ባጽዕ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ካብ መፋርቕ ጥቅምቲ 1977 ኣትሒዞም ካብ ዝዓጽውዎ ንደሓር ዝደጋገም ትርኢት ስለ ዝበረ ኣይሓደሰናን። ንጽባሒቱ ንግሆ ግን እቲ ድምጺ ተኸሲ እናገዘፈን እናደመቐን መጽኣ። ኣብ ሳልስቱ ብሸነኽ እምባትኣላን ማይ-ሓባርን ኣብ ውግእ ዝቖጸየ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ኣፋሲት ተኣኻኸበ። ታንክታት፡ መዳፍዕ ዝጐተታን ረሻሻት ዝጸዓናን መኪይን ጽርግያ ጸበባ። ዓቐይ መድህን ኪዳን፡ ‘ጸጉሪ ርእሲ!’ ኢላ እትገልጾ እልቢ ዘይብሉ ሰራዊት ኣብታ ኩተማ ኣዕለቕለቐ።

‘እዚ ኩሉ ሰራዊት ኣበይ ዝኸረመ’ዩ፡ እዝም ገድሊ ንኽብንድ’ዚ ዝኣክል ሰራዊት ካብ ደንጎሎ፡ ጊንዳዕ እምባትኣላን ማይ-ሓባርን ደፊኦም ከውጽእዎ፡ እንታይ ዝበለ ሓይሊ ኣለዎም’ ንረአዩ ገረሞ።

እቲ ኩሉ ወተሃደር ኣብ ዙርያ ናይታ ከተማ መሕደሪኡ ክሕዝን መታኸሲኡ ክጣጥሕን ላዕልን ታሕትን ክብል ኣምሰየ። ንግሆ ዓይኒ ከይሓዘ ተጋደልቲ ብሸነኽ እምባትኣላ ዝተኩሱዎ መድፍዕ እናፋጸየ መጺኡ፡ ኣብ ማእከል ናይታ ከተማ ተፈንጀረ። ብእኡ ዝተጀመረ ተኸሲ ምሉእ ለይቲ ጠራዕራዕ ክብል ሓደረ። መሬት ኣብ ምውግሑ፡ ‘ነብልባል’ ዝበሃሉ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዓራዶምሉ ዝበሩ በርኽ ቦታ ተጋደልቲ ስለዝተቖጻጸሩዎ፡ ኩሉ ኣብ እግሪ ደብረ-ብዘን ዓሪዱ ዝሓደረ ወተሃደር ህዱዱድ እናበለ ወረደ። ነታ ከተማ ሰጊሩ ድማ ዓቐበት መገዲ ኣስመራ ሓዘ።

እቲ ጥውይዋይ ጽርግያ ኣፋሲት-ኣስመራ ብብቑጽሩ ቀዳማይ፡ ካልኣይ፡ ሳልሳይ ‘ፕሪም፡ ሰኮንዶ፡ ቴርሳ . . .’ ክሳብ ኢታ ላዕለወይቲ ሜፍ ‘ኦልቲማ’ እናተባህለ’ዩ ዝጽዋዕ። ኢታ ናይ መወዳእታ መጥወዪት ካብ ኣስመራ 20 ኪሎሜተር ምኽና ዝሕብር ምልክት ስለዝበረ፡ ‘ቬንቲ’ ትብሃል’ያ። ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ኑቲ ኩሉ ጥውይዋይ ብጽርግያን ብኣቋራጭን ብህድማ ወዲኡ ንቬንቲ ተዓዚሩ። ተጋደልቲ ድሮ ኣብ ከተማ ኣፋሲት ስለዝኣተዉ፡ ህዝቢ ከተኣብ ተዓቒቡሉ ዝሓደረ ወጺኡ ብእልልታ እናተቐበሎም፡ ኣብ ቬንቲ ዝተሰምዐ ከቢድ ነትጉ ኑቲ ዝጸንሐ ተዛማዲ ጸጥታ ኣናወጾ። ካብ ኣፋሲት ዝሃደሙ ወተሃደራት፡ ኣብ ማእከል’ቲ ጽርግያ ደው ካብ ዝበለት ወተሃደራዊት ተሳሓቢት ቦጥ ተጸቓቒጦም ማይ ክሰትዩ እናተመናጠሉ፡ ኣብ ማእከሎም ነጢባ ዝተፈንጀረት ቦምባ ሞርታር ጸለም ትኪ ንሰማይ ኣዕረገት። ንሳ ድማ እታ ወዲ ቐሺ ድሕሪ ሸሞንተ ዓመታት ኣብ እንዳ-ቄልቋል ኮይኑ ናብ ዝኽረይ ዝመለሳ ቦምባ ሞርታር 120 ሚ.ሚ. ነበረት።

ተጋደልቲ ንጸላኢ ክሳብ ሰይዲቺ ደፍኣዎ። ናይ ኣጋ ምሸት ሓያሎ መሳቱ ቈልዑ ኣፋሲት ናብ ቬንቲ ደየብና። እታ ቦምባ 120 ሚ.ሚ. ዝሰርሓቶ ዘሀርር ትርኢት ብዓይንና ዝረኣናዮ ሽዑ’ዩ። ልዕሊ ኣርብዓ ሬሳ ኣብ ማእከል ጽርግያ ተዘሕዚሑ ነበረ። እታ ሬሳታት ዘኽበበዋ ንእሽቶይ ተሳሓቢት ቦጥ ብኩሉ ሸነኻ ተበሲዓ ጀራዕራዕ ክትብል ስለዝወዓለት፡ እቲ ማይ ኣብ ማእከል ጽርግያ ንዝፈሰሰ ደም ኩምራ ሬሳታት ጀሊሑ፡ ‘ናይ ደም ውሕጅ’ ፈጢሩ ነበረ። እታ ወዲ ቐሺ፡ ‘ብርኽቲ’ ኢሉ ዝወደሳ ቦምባ፡ ካብቲ መዓት ዘምለጡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ከም ‘ሕሰምቲ ቦምባ’ ይረግሙዋ ይኾኑ።

ኣፋሲት ናብ ሰይዲቺ ዝቐረበ ቦታ ስለዝኾነ፡ ቀንዲ መዕረፍን መጠከውን ተጋደልቲ ኮነ። ካብ ድፋዕ ዝወርዱን ናብ ድፋዕ ዝድይቡን ተጋደልቲ፡ መገዲ ባጡር ተኸቲሎም ተሰሪዖም ክኸዱ እንከለዉ፡ ኣብ ዝኾነ ኩርናዕ ናይታ ዓዲ ኳንኳ ይረኣዩ። ናብኣቶም እናገየና ኪዳና ብረቶም ክንቅበሎም፡ ምስኣቶም ክንጻወት ክንውዕልን ፍሉይ ባህታ ይፈጥረልና ነበረ። ደቂ ገዛውትን ዓርኩማሰታን ብጣውላ ዝሰራሕናዮ ቅርጺ ብረት ተሓንጊጥና ከምቲ ናይ ተጋደልቲ ተሰሪዕና ክንከይድ፡ ምስ ካልኦት ከም ናትና ጉጅለ ዘቘሙ ቈልዑ፡ ‘ተጋዳላይን ጦር-ሰራዊትን’ እናተበሃሃልና ክንጋጠ መሬት ትዓርበና ነበረት።

ጸኒሕና ግን ነተን ብጣውላ ዝሰራሕናየን ብረታት ሓዲ ሻምብቆ፡ ፕላስቲክን ስልክን ኣወሃሂድና ጥዑይ ጥይት ክንትትኩስ በቓዕና። በበመዓልቱ እና’መሓየሽና ድማ ብሓንቲ ፈተነ ሓንቲ ጥይት ክሳብ ምትኳስ በጻሕና። ኣብ ፈቐዶ በረኻ ተደርቢዩ ካብ ዝበረ ጢያይት ኣራሪና ክንትትኩስ ምውዓል ‘ስራሕና’ ኢልና ሓዝናዮ። ቀንዲ መተኣኻኸቢና ኣብ ሹቕ ነበረ። ኣብኡ’ውን ገለ ጢያይት ከይተኩሰና ስለ ዘይንወጽእ ምስ ነበርቲ ናይቲ ከባቢ ኣይተቓደናን። ብፍላይ ኣደይ ጸሃይቱ ዝበሃላ ሽቃጢት ሰዋ፡ ኣብታ ኣፍደገኣን ኳንና ‘ቶግ’ ከተብል፡ ንሰን ‘ኢህ!’ ክብላ ቀንዲ መተሃላልኽቲ ኩንና። ኣደይ ጸሃይቱ ‘ወዲ ሓወይ፡’ ዝበረት ናይ ቀደም መጸውዒተይ ገዲፈን ‘ኣንታ ርጉም ቈልዓ!’ ካብ ዘቐይርኣ ግዜ ኣይውሓደን።

ሓደ መዓልቲ ክንትትኩስ ዝረኣየና ሓደ ተጋዳላይ፡ ነተን ዝሰራሕናየን ጠበናጁ ከርእዮ ሓተተና። ናብ ዝጠርዕአ ሓርቢቱወን ዝጸንሓ ኣደይ ጸሃይቱ፡ ብረትና ዝምንጥሎና መሲሉወን ተሓጉሳ፡ “እዞም ቆልዑ ኣብዚኣ ኮይኖም እናተኩሱ ክልክሙና እየም፡ ኮርየሎም በጃኻ” በላኦ።

እቲ ተጋዳላይ ግን፡ “እዚ ብሓቂ ክተጥዕ ዘለዎ’ዩ፡ ኣብ ገድልና ከምዚ ብረት ዘይንረኽበሉ እዋን ነይሩ’ዩ” ኢሉ ብኣንጻር ትጽቢተን መለሰለን። ንትትኮሶ ጥይት ሰብ ከይርም ስለ ዘኽእል፡ ኑቲ ናይ ሜፋ ዓረር ኣውጺእና፡ ኑቲ ቃልሃ ጥራይ ክንትትኩስ መኸሩና ድማ ከደ።

ክንብል ክንብል ሓደ መዓልቲ ኣብታ ልምድቲ መተኣኻኸቢትና ኳንና ክንትትኩስ ኣርፈድና። ኣብ ጀብይ ካብ ዝጸንሐ ጢያይት ንሓንቲ ሒዘ ኑቲ ሜፋ ከውጽኦ ኣብ ዓቢ እምኒ ኣተርኢሰ ብካልእ ንእሽቶ እምኒ እናቐስቀስኩዋ እንከለኹ፡ ሃንደበት ኣብ ኢደይ እንክላ ተባረቐት። እታ ጥይት ካብ መንጎ ክልተ እግረይ ዝጠንጨረቶ ሓመድ ደርና ከደት። “ደሓን ዲኻ፡ ደሓን ዲኻ” ዝብል ሰብ ካብዘን ካብትን ተኣኻኸቡ ዓገቱኒ። ኣእዛነይ ‘ጺ . . . ጽ’ ዝብል ድምጺ እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ዘረባ ብንጹር ምስማዕ ከልኣኒ። ጥይት ሒዛ ዝበረት ጸጋመይቲ ኢደይ ፍጹም ደንዚዛ ቀርባት ኣጻብዕተይ በቲ ባሩድ ተመሸሊጡ ረኣኹዎ። ኣብ ህንጻ ፈሮቪያ፡ ኣፋሲት፡ ናብ ዝበረ ሕክምና ብርጌድ 23 እናተመላለስኩ ድማ ምስ ውጉኣት ተጋደልቲ ተሰሪዐ ክሕከም ቀነኹ።

ኣፋሲት ሓራ ካብ ትወጽእ ኣትሒዙ ምሸታዊ መንእሰያት ዝሳተፉዎ ኣስተምህሮ ይወሃብ ነበረ። ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ሰውራዊ መዛሙርን ድማ ቀንዲ ትሕዝቶኡ ነበረ። መንእሰያት ዝጥርንፍ ማሕበር ድሕሪ ምቛሙ፡ እቶም ነኣሽቱ ቈልዑ’ውን ናትና ፍሉይ ጥርናፈ ተጉብረልና። ኣብ ዝተፈላለየ ጉጅለታት ተጋዳላይን ጦር-ሰራዊትን እናተበሃሃልና ክንጋጠ ንውዕል ዝበርና ኩላትና ቈልዑ፡ ኣብ ጉጅለ ቀያሕቲ ዕምባባ ተወደብና። ፈለማ ዘጽናዕናዮ ድማ፡ ዓሰርተ ሰውራዊ መትከላት ቀያሕቲ ዕምባባ’ዩ። ፍቕሪ ሃገር፡ ስራሕ፡ ትምህርቲ፡ ኣኽብሮት ንዓበይቲ ዝኣመሰሉ ክብርታት ንምስራጽን ጥዑይ ዜጋ ንምኽሳብን ዝዓለመ ብምንባሩ ከኣ ወለዲ ዘድግፉዎ ጥርናፈ’ዩ።

ጥይት ምቕጥቃጥን ካልእ ሹብዳዕዳዕን ገደፍናዮ። ብስእርዓት ክንመላለስን ንካልኦት ናይ ጽቡቕ ኣብነት መርኣያ ክንከውንን ኩሉ ዝከኣለና ክንገብር ጀመርና። እቲ ዓቢ ህንጻ ‘እንዳ-ሪና’ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ክንመሃረሉን ባህላዊ ንጥፈታት ከነካይደሉን ተፈለየልና። ‘ሲኞራ ሪና’ ናይ ዝተባህለት ኢጣልያዊት ሰበይቲ ቤት-መስተን መንበሪኣን ዝበረ ህንጻ እዩ። ትምህርቲ ፖለቲካ ክሳብ ምሸት ይካየድ ስለዝበረ ኩላትና ኣባላት ቀያሕቲ ዕምባባ ገዛና ገዲፍና ኣብ እንዳ-ሪና ምሕዳር ዘውትር ነበርና። ኩሉ ሕልምና ተጋዳላይ ምዃን እዩ። ተጋደልቲ ዝገበሩዎ ክንገብርን ንኣታቶም ክንመስልን ንጽዕር ነበርና። እንዳ-ሪና ንሓድረሉ ኣብ ዝበርና እዋን ብዘይካ ሓንቲ ነጸላ ካልእ መንጸፍ ይኹን ከብርታ ኣይነበረናን።

**ይቕጽል . . .**

ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተክ ኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ቴራብ |
| 14:20 | ቀስተ ድሕኑት |
| 14:45 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 15:10 | ህርመት |
| 15:30 | ማህደር |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ማእገር |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መሰመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ሱዳዊት ፊልም ትም ምባል ስለ ዝመረጸ 3ይ ክፋል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባ ደርሆ

ወረ/ፍ ኒያሩ ኣድሓኖም፡ ወከል ተከኤ እምባዩ፡ ኣቡላን ሃይለ ኣድሓኖም ስለዝዓረፈ፡ 3 ኣሕዋት ወረስቲ ምዃኖም ደረጋገጽልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/09/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ንበ/በ/መሳል ወረ/ፍ እምባፍራሽ ጉብረሂወት፡ ወ/ሮ ኣበ ጉብረሚካኤል፡ ብበ/ዕዳ ወ/ሮ ፍረወይኒ ተወልደ 3.1 ፈሩዝ ሚካኤል 3.2 ኒያት ሚካኤል 3.3 ዘርእሰናይ ሚካኤል 3.4 ናትናኤል ሚካኤል፣ ናይ ፈጸሚ ጉዳይ ቀሪብልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን02/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘይለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ወ/ሮ ሰዒደት ዓብዱ ዑመር፡ ወላዲያይ ኣቶ ዓብዱ ዑመር እድሪስ ኳል 4 ዓመት ከለኹ ክሳብ ሕጂ ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ጥፋእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን07/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መቐርካ

ህድኣት ትኩእ ደበሳይ፡ ሰም ኣደይ ርግኣት ተላ ምባል ተረፉ፡ ርግኣት መብራህቱ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/09/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ብስም ወ/ሮ የርዳኖስ መብራህቶም ምስግና፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL1680 ቁጽሪ መዝገብ DAR-1470 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ዓዲ-ቀይሕ ምም/ከ/ሓይካብ ዝርከብ ናይ መሸጢ ኣቑሑ ገዛ ትካለይ፡ ንኣቶ/ወ/ሮ ጉብርኤላ ፍትዊ ተስፋይ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዓዲ ከተማ ምም/ ከበቢ ሃዳሙ ተለፎን 075220799 ካብ ዕለት 01/06/26 ክሳብ ዕለት 01/06/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ው ሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

የርዳኖስ መብራህቶም ምስግና

---

## ምልክታ ጨረታ

ሸያጢ፡- ምውጋን ንብረት መንግስቲ
ኣገባብ መሸጣ፡- ዕሹግ መሸጣ ሃገራዊ
ምውጋን ንብረት ብመንግስቲ ኣብ ድኳን ዕዳጋሓሙስ ንዝርከብ ብዙሓ ዘለዎ ጌሶ ክሽይጥ ንኹሎም ሕጋውያን ዓደግቲ ይዕድም፡፡
1. መሸጣ ንኹሉ ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎ ክፉት እዩ፡፡
2. ተሳተፍቲ
ዝተሓደሰ ናይ 2025 ፍቓድ ንግዲ
ትሕጃ 100,000.00 ናቕፋ ብቸክ
ሐዞም ናብ ቤት ጽሕፈት ምውጋን ንብረት መንግስቲ ፈሮቭያ ብምቕራብ ካብ 24/08/2026 ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ፕሮፎርማ ብምውሳድ ዘቕርብዎ መወዳደሪ ዋጋ ክሳብ ዕለት 03/09/2026 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ኣብ ሳጹን ጨረታ ከእትዉ ይሕተቱ፡፡
3. ጨረታ፡ ሓሙስ ዕለት 03/09/2026 ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ኣብ ቤት ጽሕፈት ምውጋን ንብረት መንግስቲ ፈሮቭያ ይኽፈት፡፡
4. ንብረት ኣብ ድኳን ጎንደራን ዕዳጋ ሓሙስ ብኣካል ብምምጻእ ክርእዩ ይኽእሉ፡፡
5. ተሳታፍቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ምውጋን ንብረት መንግስቲ (ፈሮቭያ) ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
6. ምውጋን ንብረት መንግስቲ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ምውጋን ንብረት መንግስቲ
120370

---

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፡- (ኣሕምልቲ፡ ስጋ፡ በርበረ፡ ቀመም በርበረን ጨውን)
ዓዳጊ፡- ሚ/ት/ክ/ተ/ሞ/ት/ስ (ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ)
ኣርእስቲ ውዕል፡- (ዓመታዊ ቀረብ መግቢ)
ኣገባብ ዕድጊ፡- (ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ሚ/ት/ክ/ተ/ሞ/ት/ስ (ንቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ) ንዓመተ ትምህርቲ 2027 ንተማሃሮ ዘውዕል ቀረብ መግቢ ኮሚሽን ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም፡፡
1. ሚ/ት/ክ/ተ/ሞ/ት/ስ (ቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ) ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ ኣሕምልቲ፡ ስጋ ጤለ በርበረን ቀመምን ጨውን ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት'ዩ፡፡
3. ተሳታፍቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን መንነትን ናይ ዓመት 2025 ናይ ኣታዊ ወሽጢ ሃገር ክሊራንስን የቕርቡ፡፡
4. ተሳታፍቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ጨ/ሓ/ኣገልግሎት ዕድግን ኣብ ቁጽሪ 20 ወይ ብቁ.ቴለ 200593 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተሳታፍቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ጨረታ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ክሳብ 30/09/2026 ሰዓት 9:45 ቅ/ቀትሪ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንጉዩ ንዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተሳታፍቲ፡ሕጋውያን ወከልቶም ክሳተፍ ዝደሊ ሰብ፡ ስ ስርዓትን ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ኣዳራሽ ሚኒስትሪ ትምህርቲ (ጨ/ሓ/ኣገ/ዕድግን) ዕለት 30/09/2026 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
7. ጨረታ ብመኽበሪ ጨረታ CPO 50,000.00 ናቕፋ (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ) (ንኣሕምልትን ስጋን) ንበርበረን ቀመም በርበረን ጨውን 20,000.00 ናቕፋ (ዕስራ ሽሕ ናቕፋ) ትሕጃ CPO ክሰ ኣለዎ፡፡
8. ጨረታ፡ ብመምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘጸደቆ መሰረት ይፍጸም፡፡
9. ሚ/ት/ክ/ተ/ሞ/ት/ስ (ቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ) ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሚ/ት/ክ/ተ/ሞ/ት/ስ
(ቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ)
ቴሌፎን 200593

---



## ምስጋና

ብመስዋእቲ ዘፍቅራ ክብርቲ ብጻይቲ ቤተይ ተጋዳሊት ኣልማዝ ኣብርሃ ገድሉም፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ሕማማ ኣብ ወሽጥን ኣብ ወጻኢ ሃገርን ዝሓገዝኩምናን ዝተመላለስኩምን፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ብኣካልን ካብ ወሽጥን ደገን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና፡፡

ብጻይ ቤታ ተጋ/መድሃኔ ሃብተ ባህቱ
ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራቤትን

---



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እንፍቅራን እነኽብራን ብጻይቲ ቤተይ ወ/ሮ ሰናይት ክፍለ ኪዳኑ ኣብ ዝወረደና መሪር ሓዘኑ ኣብ ግዜ ሕማማን ሓመድ ኣዳም ምልባሳ ናብ ገዛ እናተመላለስኩም ካብ ጎድንና ከይተፈለኹም፡ ከምኡ'ውን ካብ ሃገራት ወጻኢ ብመልእኽትታትን ካልእን ሞራላውን ንዋታውን ደገፋትን ምጽንናዓትን ንዝሃበርኩምልና ኩሉ፡ ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና፡፡

ብጻይ ቤታ ግርማይ ተስፋማርያም

---



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እንፍቅራ ሓፍትና ኣስቴር ፍስሃየ ተስፋሚካኤል፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ጊዜ ሕማማ ካብ ጎና ዘይተፈለኹም፡ ምስ ዓረፈት ኣብ ኢጣልያ በለኛ ኣብ ስነስርዓት ቀብራ ካብ ርሑቕን ቀረባን ዝተሳተፍኩም ኣሕዋትናን ፈተውትናን፡ ካብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለም ናይ ጸንዓት መልእኽትን ተሌፎንን ዝሰደድኩምልና፡ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዘቖየድናልዮ መልቀስ ዝተሳተፍኩም ከምኡ'ውን ኣብ ደብረ ፍልሰታ ማርያም ካቶሊካዊት ቤ/ክርስትያን (ስታውያን) ኤርትራ ኣብ ዝዓረገ መስዋእቲ ቅዳሴን ጸሎተ ፍትሓትን ብምስታፍኩም ብልቢ እናመስገንና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ፡፡

ኣዴኣ ወ/ሮ ቅዱሳን ምስጉና
ምስ ኣሕዋታን ምሉኣት ስድራቤትን

---



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እንፍቅሮ ኣቦና ባሻይ ተወልደብርሃን ጎሩር፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ዕረፍቲ ኣብ ዓዲ ጉዳ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብስልኪ ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ፡፡

ብጻይቲ ቤቱ ህድኣት ወልደሰለ ምስ ደቑን
ምሉኣት ስድራቤትን፡፡

---

ኣነ ሕገሻ ጉብረስላሴ ኣባዩ፡ ናይ ናቕፋ ኮርፖረሽን ብርኪ ማሕበር ዝኣተኽዎ ናይ ብርኪ ዋንነት ኦሪጅናል ቁጽሩ 1322 ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ረኺብዮ ወይ ብዕዳ ሐዚዮ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑ. ሞባይል 07486222 ይሓብረኒ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ መተካእትኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ሕገሻ ጉብረስላሴ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## Colonnade Mining Group Er. Ltd

COLONNADE DRILLING SERVICES

S.A. Building
Level 5, Room 503
Warsay Street
Asmara, Eritrea
h: +291 1 112210

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Position DD (LF 90) & RC Drillers**

**Number Required: 4**

**Type of contract Permanent**

Colonnade Mining Group (Eritrea) Limited is seeking to hire Drillers,

## Duties and responsibilities:

- Set up/pack up drill site
- Operating, maintaining and monitoring drilling rigs (LF90 & Hanjin Rig) and machinery for projects
- Managing crew safety
- Control drilling speed and pressure
- Managing drilling fluid
- And maintain detailed technical logs & Preparing daily reports
- General support including handling rods and tools, mixing drill fluids, basic maintenance, completing pre-start and general safety checks, refueling vehicles and equipment, housekeeping, supplies count
- Operating non-drilling auxiliary equipment such as light vehicles, generators etc
- Communication and cohesion with others in the workplace

## Qualification and experience

This role requires an individual who is detail oriented, professional, and responsible and who can work autonomously when required

- Five years of experience in a similar role preferred
- 12th grade complete
- Good Written and spoken English skills
- And computer literacy would be a significant advantage.
- Excellent communication skills
- 3rd grade driving license will be an advantage

Salary: As per the company salary scale

## Additional requirement for nationals

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense
- Present clearance paper form current/ last employer
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials a copy of a national identity card etc).
- Application documents will not be returned.
- Deadline for application: 10 days from the day of published in the news paper

Please note applications will be received up to 10 days after the date of advertisement and only short listed candidates will be contacted.

To Eritrean Applicants:

Colonnade Mining Group (Eritrea) Limited, c/o 5th Floor room number 503, S.A. Building, 189 Warsay Avenue, Tiravolo, Asmara, Eritrea

**Note**: To none Eritrean Applicants:

Please send a copy of your application to

Aliens Employment Permit Affairs

P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea

---

ኣመልከትቲ፡ 1. ኣስቴር ገብረሂወት 2. ኣድያም ገብረሂወት (ወኪል ኣስቶለማርያም ገብረሂወት) ኣብ ዞባ ማእከል፡ ምም/ን/ዞባ ማእከል ከተማ (ዞባ 1 ምም 09 ጎደና ደጃ/ሃይሉ ከበደ ነር) ናይ ሕጂ ጎደና በለዛ ቁ/ገዛ 22/24 ቁ/ሎታ 38 ፓርቸላ "A" ቁ/መዝገብ ንብረት 26983/39198 ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቁጽሪ ዋንነት 119130 መወከሲ ቁ126004 ብስም ወረ/ኛ/ገብረሂወት ሙብራሃቱ ዝተመዝገበ ናብ ስምና ከሰጋግር ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ ኣንተኾይኑ) ሐዚ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘይቀረቡ ግን ብዘለና ኦሪጂናል ሰነዳት ጉዳይና ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር።

1\. ኣስቴር ገብረሂወት
2\. ኣድያም ገብረሂወት
ወኪል ኣስቶለማርያም ገብረሂወት

---

ግምጃ ደብረጼን ወዲት ወሃብቶ፡ ኣብ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ምምሕዳር/ከባቢ ፍትሒ ብቁ ፍቓድ ዋኒን GHL 00002951 ናይ G22 ድ/ሃለኽቲ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሳባ መሓሪ ገብረትንሳኤ፡ ኣድራሻ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ምምሕዳር ከባቢ ፍትሒ ብዕለት 22/07/2024 ብቁ.መዝገበ 134/2024 ብወሃብቶ ስለ ዝሃብኩዋ፡ ብስም ወዲት ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓወምኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወሃብቶ ተረካቢት ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ሳባ መሓሪ

---

ኣብ ኣስመራ ምም/ዝባ ማእከል ከተማ ዚፕ ኮድ 1A119 ፕሎት 7t ፓርሰል A ASP00036146 ASD00030713 ጎደና 119-13 ናይ ዝርከብ ብስም ኣብርሃም ገብረስላሴ ደሲትን ተሰፉጋብር ሃብተም ሕድሩን ናይ ዝተመዝገበ ገዛ ሊብሬቶ ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሐዚዮ ዝብል እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 07111579 ክሕብረኒ፤ እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ኣብርሃም ገብረስላሴ ደሲት

---

ኣመልካቲ፡ ኣበባከር ዓሊ፡ ኣብ ኣስመራ ገጀረት ዝርከብ ገዛ ፕሎት 105 ፓርሰል ሲ.1 ASP 00051644 ዚፕ 1A178 ስፍሓት መሬት 223.40 ት/ሜ ብዘሐ ክፍሊ ቀንዲ 4 ተሓጋጋዚ 1 ዘጠቓለለ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 1BRASM016495 ብስም ነ/ሄር ወሳደዮይ ዓሊ ሓምድ ዓሊ ዝተመዝገበ ገዛ ናብ ወረስቲ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት መኣገዲ ወይ ናይ መወዳእታ ይግባይ ዘይብሉ ውሳኔ ሐዚ ኣብ ቤት ጽሕፈት ነታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

ኣበበከር ዓሊ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.**

**Position: Electrical & instrumentation Trainer**
**Department: Employee Services**
**Section: Training & Development**
**Number Required: One (01)**

**Primary purpose**

- The Electrical & Instrumentation Trainer is responsible for effectively delivering competency-based training, assessment, and workplace coaching for Electrical, Instrumentation, Control, and Air Conditioning personnel to develop competent artisans capable of safely and effectively performing maintenance activities in accordance with BMSC standards, OEM requirements, procedures, and operational needs. The role supports national workforce capability development through effective training delivery and continuous improvement of technical training programs...

**TASK DESCRIPTION EXPandED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- General understanding of process instrumentation and electronics. Perform calibration and maintenance tasks.
- Fault finding, troubleshooting techniques and diagnosing of problems that arise when equipment fails.
- Report to the Instrumentation Supervisor. Basic PLC and SCADA principles or good electronic skills.
- The successful candidate will be legally appointed and found competent to do all instrumentation and electronic work.
- Perform Control Loop tuning and configuration and maintenance.
- This position is responsible for installing and maintaining all BMSCs business critical radio transmission equipment and systems.

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Conduct training impact assessment and training auditing
- Good verbal and written communication skills in English
- Ability to work in multicultural work environment
- Produce and maintain effective training results
- Conducting training evaluation & effectiveness assessment
- Coaching and mentoring skills
- Assessment and moderation skills
- Understanding of instruction design system.

| **Qualifications:** |
|---|
| Degree Electric or instrumentation Engineering |
| **Knowledge and Experience:** |
| 3 – 5 years of practical experience in Electrical, Instrumentation, Control, or Air Conditioning maintenance in mining or industrial environments |
| 2 – 3 Training & Assessment experience |

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| Computer Literacy (MS Office – Advanced) | Communication (English and local language ) |
| Management skills | Assertiveness |
| Attention to detail | Interpersonal Relations |
| Analytical skill | Integrity |
| Accounting Principles | Conflict resolution |
| Problem solving skill | Ability to work towards strict deadlines |
| Relevant trade skills | High level of accuracy |
| Business and Finance Acumen | Discretion |
| Coaching and Mentoring skills | Multicultural awareness |
| Creativity | Ability to work towards strict deadlines |
| Verbal and Written reporting skills | Positive and Professional mannerisms |
| Delegation skills | Friendly and respectful |
| | Discretion |
| | Organizational skills |
| | Driven/ Active |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to: -**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

---

**ኣመልካቲት ሰላማዊት ደበሳይ መሳዝጊ +5፡ ኣብ ኣስመራ ንእስ ዞባ ፓራዲዞ ዝርከብ ገዛ ፕሎት 22 ፓርሰል ኣይ ASP 00049528 ዚፕ 1A587 ስፍሓት መሬት 125 ት/ሜ ብዘለ ክፍሊ ቀንዲ 4 ተሓጋጋዚ 3 ዘጠቓልሉ፡ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 1፡009801 ብስም ነ/ሄር ብ/ቤተይ መሉጌታ ምስዮና ዝተመዝገበ ገዛ ብውርሻ ክተመሓላለፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ፡ ሕጊ ብዘአዘዞ መሰረት መአገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተበየለሉ ውሳነ ሐዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኑታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ፡፡**

**ሰላማዊት ደበሳይ**

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

13 ክፋል

## ጽፈት ስራሕ

> *“ንፍሲ ወከፍ እኩይ ተግባር፡ ንዕኡ ዝኸውን ደሉው ምኽሪት ኣሎ።” -* ***ፓብሊሊስ ሲሩስ***
>
> *“ቅትዓት ሰባት ኑቲ ከም ዝሰርሕዎ ዘለዉ ዝዘረቡሉ፣ ብተግባር ይሰርሕዎ፡ ካልኣት ግዱ ምኽሪት ይኣልመ።” -* ***ሳውራ ሸለሲንገር***

መመኽነይቲ ሰባት ብቐጻሊ ከምገሩ፣ ከስቌንቆትን ንፍሽሉዮም ርትዓውነት ከልብስዎን እዮም ዝሃልኩ። ንሳቶም ኑቲ ዘይወድእዎ ስራሕ ሓላፍነት ክወስዱሉ ትብዖት የብሎምን። ክንዲ ዝኾኑ ዕድሎም ሕማቕ ከም ዝኾነ ከመሳምሱ እዩ ዝስልጦም።

መመኽነይቲ ሰባት ብዙይ ዝኾነ ጻዕሪ ዚይተኣደነ ዓወት ክሓፍሱ እዮም ዝደልዩ። ዝ. ግዱ ኣብ ባይታ ከተግብርዎ ዝኸኣል ኣይኮነን። ክንዲ ዝኾኑ ናብ ምምራር ገጾም የድህቡ።

ንብዙሓት ሰባት ኣብ መንጎ ምኽንያትን ምኽሪትን ዘሎ ፍልልይ ኣይንጽረሎምን እዩ። ከም ሳዕቤኑ፣ ከም ሓደ ቃል ገይሮም ዝወስድዎ ኣለዉ። ኣብ ሓቂ እንተ መጺእና ግዱ ዓቢ ፍልልይ እዩ ዘለዎ።

ዚ. ፍልልይ ንምንጻር ብኣብነት እስከ ንርኣዮ። ንሽኻ ንኽትገዱ ኣብ እትሕተተሉ፣ “ግዜ የብለይን።” ኢልካ እንተ መሊስካ፣ ከም ምኽሪት እዩ ዝቖጸር።

“እግረይ ተገምዩ ኣለኹ።” ዝብል ቅኑዕ መልሲ እንተ ሂብካ ግዱ ከም ምኽንያት ክውሰድ ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ እግርኻ እንተ ተቖጺኻ ኣሸንኳይዶ ክትገዩ፣ ኣጥዊኻ እውን ክትክይድ ኣይትኽእልን ኢኻ። ግዜ እንተ ኸይኑ ጸገምካ ግዱ እቲ ጉዳይ ምስ ምሕደራ ግዜኻ ኣተኣሳሲርካ ክተመዓራርዮ ትኽእል ነይርካ ኢኻ።

ኣብ ስራሕካ ክትዕወት እንተ ደሊኻ ንምኽሪት ከም ‘ሰንክልና’ ክትቒጽሮ ኣሎካ። እቲ ምንታይሲ፣ ምኽሪት ጽፉፍ ስራሕ ንኸይትሰርሕ ሓሊኹ እዩ ዝሕዝኻ።

ምኽሪት ሕማቕ ባህሪ እዩ። ምኽሪት ከም ኢንታ ወይ ኣበር (flaw) እዩ ዝግለጽ። ኢንታ ድማ ኣብ ጸቡቕ ባህሪ ከም ጸለም ነጥቢ ይርአ። ክንዲ ዝኾኑ ከም ሓያል ጸላኢኻ ኢኻ ገጢምካ ክትሰዕሮ ዘሎካ። እወ ከም ህሉው ጸላኢኻን ንመጻኢኻ ሓደጋ ክኾነካ ዝኽእልን ገይርካ ብትብዖት ክትገጥሞ ይግባእ።

ተራ ሰባት ብቐሊሉ እዮም ዝታለሉ። ንሳቶም ናይ ምምርማር ዓቕሞም ትሑት ስለ ዝኾኑ ንዝኾነ ሃገር ከየሰላሰሉ ክኣምንዎ ይኽእሉ። ኣብ መጠረሽታ ግዳይ ፍሽለት ምስ ኮኑ ግዱ ናብ ምኽሪት ገጾም እዮም ዝዕቀቡ።

ሎሚ ክኢላታት ናይ ምኽሪት እናበርከቱ ይመጽኡ ከም ዘለዉ፣ ብርክት ዝበሉ መጽናዕትታት ይገልጹ ኣለዉ። ናይ ገለኦም ምኽሪት ምሐር መሰረት ኣልቦ ስለ ዝኾኑ ትድንግጸሎም ኢኻ። ንዓኻ ዘቐሸሹ እናመሰሉም፡ ተመሊሶም ንገዛእ ርእሶም ከም ዘቐሸሸዋ ዘለዉ ኣይርስወጦምን እዩ።

ኣብ መንጎ ምኽንያትን ምኽሪትን ዘሎ ፍልልይ ስለ ዘየርድኦም፡ ቅቡል ምኽንያት ዘቕርቡ ዘለዉ ኰይኑ እዩ ዝስምዖም። ምእንቲ እዚ፣ ኑቶም ንቕርቦም መመኽነይቲ ሰባት፡ ዚ. ፍልልይ ደጋገምና እንተ ኣዘረናሎም ዝጽላእ ኣይኮነን።

እቶም ምኽሪት ናይ ምፍጣር ዝንባለ ዘለዎም ሰባት፡ ንኹሉ ውድቀቶም ርትዓውነት ክፈጥሩሉ ዋላ ሓንቲ ጸገም ስለ ዘይብሎም፡ ንምምሕያሽ ዝኾውን ነቓዕ ኣይገድፉን እዮም። ካብ ውድቀቶም ንምውጻእ ፍሉይ ዝኾነ ጻዕሪ ኣይገብሩን እዮም። ሓድሽ ውጥን ኣውጺኦም፡ ካብ ፍሽለቶም ንምግልጋል ዝገብርዎ ሃቐነ የለን። ልዕሊ ኹሉ ድማ ንጌጋኦም ሓላፍነት ክወስዱሉ ድልውነት ኣየርእዩን እዮም።

ኣብ ስራሕ ዓለም ክሳብ ዝሃለኻ ልዕሊ ዓቕምኻ ብዝኾነ ቅቡል ‘ምኽንያት’፡ ጌጋ ክትፍጽም ትኽእል ኢኻ። ዕዉታት ሰባት እምበኣር፡ ምስ ጌጋኦም ስለ ዘይነብሩ፣ ቀጻሊ ምኽንያት እናደርደሩ ኣይቀጽሉን እዮም። ነታ ሓንቲ መዓልቲ ዝፈጠሩዋ ምኽንያት፡ ከም ጸቡቕ መምሃሪ ብምቕጻር፡ ናብ ረብሓኦም እዮም ዘውዕልዋ። ካልኣይ መዓልቲ ክደግምዋ ኣይደልዩን እዮም።

ምኽሪት ኣሉታውን ዘይሓላፍነታውን እዩ። ምኽንያት ግዱ ባህርያዊ ተጓንፎ እዩ። ንምኽንያት ብዮዝቡእ እንተ ሐዚናዮ፡ ናብ ዝያዳ ሓላፍነታውያንን ወጽኢታውያንን እዩ ዝግዕብለና። ንፍሲ ወከፍ ምኽንያት፡ ናብ ወጽኢት ዘምርሕ ተግባር ክሰንያ ይግባእ።

ቀንዲ ተግባር ምኽንያት፡ ንጌጋ ርትዓዊ ንምግባር ዘይኮኑ ንስለ ምግላጽ ጥራይ



ክኸውን ይግባእ። ምኽንያት ከተቕርብ እንከለኻ ንጌጋኻ ብቐንዕና ከም ዘላኻዮን ከም እተቐብልካዮን ንምግላጽ ጥራይ እዩ ክኸውን ዘለዎ።

ብመንጽሩ፣ ምኽሪት ንጌጋኻ ቅቡል ንምግባር ወይ ንጌጋኻ ንምክልኻል ወይ ንኻልኦት ኣካላት ንምውቃስ ኢኻ እትጥቀመሉ። መመኽነይቲ ሰባት ከም ቀዝሒ. ዝፈርሕዎ፡ ተሓታትነት (accountability) እዩ።

ምኽሪት ኩቶ ብእወታ ኣይሰዝን እዩ። ምስ ሽቶ ወይ ፍታሕ ምንዳይ እውን ኣይተኣሳሰርን እዩ። ምኽሪት ሰሚ ፍርያምነት እዩ። ንግዜኻ ኣባኺኑ ንዓቕምኻ ይቐትሎ።

ሊቃውንቲ ሰነ ልቦና፡ “ምኽሪት መሳርሒ. ናይ ፈራሓት፡ ምትሉላት (wimps) ከምኡ እውን ሰኑፋት እዩ። … ምኽሪት ንህብብነትካ፣ ተኣማንነትካን መጻኢ. ዕድልካን ዘፍርስ መሳርሒ. እዩ። ክንዲ ዝኾኑ ኩቶ ምስ ምኽሪት ክትተኣሳሰር ኣይግባእን።” ብምባል ምኽሮም ወስ የብሉ።

ኣብ ህይወትካ ዓወት ወይ ምኽሪት ኢኻ ክትጭብጥ እትኽእል። ንኽልቲኦም ኣብ ሓደ እዋን ኣጥሚርካ እትውንነሎም ዕድል የለን። ክንዲ ዝኾኑ ዓለም ‘ሓደ ቀረጽ - ሓደ ምረጽ’ ኢላ ኣብ እተዋጥረላ እዋኑ እንታይ እዩ ክኸውን ዝኽእል ምርጫኻ፧

ንዝኾነ ሃገር ክትሰርሕ ኣብ እትብገሰሉ፣ ፍርሒ. ይወርረካ ድዩ፧ እቶም ተበጊሶ ስራሕ ኣብ ምውሳድ ዝፈርሑ ሰባት፡ ምኽሪት ኣብ ምፍጣር መወዳድርቲ ኣልቦ እዮም። ኣብ እዋን ፍርሕኻ እትፈጥሮም ምኽሪታት፡ ንዓኻ ኣዘዮም ቅቡላት ኮይኖም ክስምዑኻ ይኽእሉ እዮም። ከም ሳዕቤኑ፣ ኑቲ ዝጀመርካዮ ስራሕ ኣብ መዓልቡኡ ከየብጻሕካዮ፡ ክትገናደብ ትኽእል ኢኻ።

ምኽሪት ካብ ጸገም ዘላግለና ዘሎ ኩዩት ስለ ዝስምዓና፡ ንመብዝሕትና ካብኡ ኣርሒ.ቕና ክንዝምርሽ የጸግመና ኣሎ። ተማሃሮ ዕዮ ገዛ እንተ ዘይሰሪሖም፡ ማእለያ ዘይብሉ ምኽሪት ከም ዘቕርቡ ንኹላትና ዝኸወለና ኣይኮነን። እቲ ምንታይሲ፡ ንሕና እውን ብእኡ ኢና ሓሊፍና። እቲ ዝያዳ ጸገም ዝኸውን ዘሎ እምበኣር፡ ዋላ ምስ ዓበና ካብ ምኽሪት ምርሓቕ ምስኣንና እዩ።

## ገስጋስ ዓወት

ስራሕካ ብብዙሕ መዳይ መግለጺኻ እዩ። ክንዲ ዝኾነ እዩ ብዙሕ ሰብ ናብ ስራሑ ክወፍር እንከሎ፡ ብዝተኻእሎ መጠን ተጸራርዩ ዝኸይድ። ጽፈት ካብ ገዛእ ርእስኻ እዩ ዝጅምር። ሓደ ወጅሃላይ ዝተኸደነ ሰብ ኣብ ቤት ጽሕፈቱ እንተ ጸኒሑካ፡ ስራሕካ ብጽፈት ክውድኣልካ ኣይትጽበዮን ኢኻ።

ኣብ ኣኩዳድናኻ ትግደስ እንተ ኼንካ፡ ኣብ ስራሕካን ተገልገልትኻን እውን ተጉዳስነት ከም ዘለካ ኢኻ መልእኽቲ እተማሓላልፍ። ሓኪም እንተ ኼንካ ኣብ ስራሕካ ሓኪም ክትመስል ይግባእ። መካኒክ እንተ ኼንካ ኣብ ስራሕካ መካኒክ ክትመስል ኣሎካ። መምህር እንተ ኼንካ ኣብ ስራሕካ መምህር ክትመስል ኣሎካ። ፖሊስ እንተ ኼንካ ኣብ ስራሕካ ፖሊስ ክትመስል ይግባእ። ጋዜጠኛ እንተ ኼንካ ብሽለንትናኻ ጋዜጠኛ ክትመስል ኣሎካ። ብሓጺሩ ኩሉ ሞያዊ፡ ንሞያኡ ዘንጸባርቕ ኣኩዳድና ክጥቀም ይግባእ።

እዚ. ንብይኑ ኣኻሊ. ከም ዘይኮነ ርዱእ እዩ። ከም መጠኸሲ. ግዱ ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና። እወ ገዛእ ርእስና ምስ ኣጽፈፍና፡ ናብ ስራሕና ምጽፋፍ ክንሰጋገር ይግባእ። ስራሕና እንተ ኣጽፈፍና፡ ዕዉታት ኳንና እንወጽኣሉ ዕድል ኣመና እናሰፍሐ እዩ ዝመጽእ።

ኣብ ዕዉታት ሰባት መጽናዕቲ ዘካየዱ ሊቃውንቲ እልቢ. የብሎምን። ንሳቶም ኣብ መንጎ ዕዉታትን ፍሹላትን ዘሎ ፍልልይ ንምንጻር፡ ዘኪኣሎም ጸዓርምን ኣብ ምጽዓር ደርከቡን። እቲ ምንታይሲ፡ እዚ. ኣርእስቲ ንኹሉ ደቂ ሰብ ብማዕረ ኣገዳስነት ዘለዎ እዩ።

ኣብ መንጎ ዕዉታትን ዘይዕዉታትን



ዘሎ ፍልልይ ኣብ ቀጠባን ደረጃ ትምህርትን ዝሕጻር ኣይኮነን። እዚ. ክበሃል እንከሎ፡ ንተራ ቀጠባን ትምህርትን ንምንእኣስ ኣይኮነን። እቲ ሓቂ ግዱ ክኩሓድ የብሉን። ክንደይ ብዙሕ ገንዘብ ዘጥሀሉ ሰባት፡ ኑቲ ገንዘብ መጸለሊኦም ገይሮሞ እዮም። ክንደይ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ዝበጽሑ ምሁራት እውን ኣብ መጠረሽታ ብዕድሎም ዝተቛመሩ ኣለዉ።

ዕዉታት ሰባት ክዝረቡ እንከለዉ፡ ክሓስቡ እንከለዉ፡ ንሽግራት ክቐርቡ እንከለዉ፡ ንብድሆታት ክገጥሙ እንከለዉ፡ ካብ ናይ ዝበዝሐ ሰብ ፍልይ ዝበሉ እዮም። ዋላ ኣብ ገንዘብ ዘለዎም ርድኢት፡ ካብ ናይ ካልእ ሰብ ፍልይ ዝበለ እዩ።

እቲ እንኮ መንገዲ. ዕወት እትኸሎ፡ ከም እቲ ዕዉታት ሰባት ዝወስድዎ ዝመሳሰል ስጉምቲ ምውሳድ እዩ። ዓወት እኮ ካብ ካልእ ክእለት ብዙሕ ዝፍለ ኣይኮነን። ካብ ተግባርን ኣእምሮኣዊ ዝንባለን ዕዉታት ሰባት ብምምሃር፡ ማዕረኦምን ልዕሊኦምን እትኾኑሉ ባይታ ክተጣጥሕ ትኽእል ኢኻ።

ንዕዉታት ሰባት ‘እኽእል እየ’ ዝብል ኣመለኻኽታን ኒሕን ኣለዎም። ንዕኣቶም ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት፡ ዝኾነ ስራሕ ክዕመም ይኽእል እዩ ዝብል ጽንዑ እምነት ኣለዎም። ንሳቶም ብቐጻሊ፡ “ንሕና ክንገብሮ ንኽእል ኢና”፡ “ሃየ ከም ዝዕመም ንግበሮ”፡ “ሃየ ቀልጢፍና ኣጸፊፍና ንወድኣዮ”፡ … ንዝብሉ ሓረጋት ክደጋግሙ እዮም ዝውዕሉ።

ንዝኾነ ጸገም ናቱ ፍታሕ ከም ዘለዎ እዮም ዝኣምኑ። ብመሰረት መግለጺ.ን ኣፈታትሓ ጉዳይን ክዘረቡ ይመርጹ። ንዝኾነ ብደሆ ድማ ብእወታዊ መንገዲ. እዮም ቀጺሊ. ዝገጥምዎ። ዋላ ኑቲ ፈታኒ. (daunting) ዝበሃል ኩነታት፡ ‘እኽእሎ እየ’ ብዝብል ኒሕ እዮም ብትብዖት ዝኣትውዎ።

ከም እዚ. ዓይነት ኣመለኻኽታ፡ ካብ እቲ ዝበለጸ ፍርያት ተመሪጺ. እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ዝ. ከምዚ. ዓይነት ኣመለኻኽታ ሐዚካ ክትበጽሖ ዘይትኽእል ሽቶ ኣይህሉን እዩ።

እቶም ‘እኽእሎ እየ’ ዝብል ሓቦ ተሓንጊጦም ኣብ ስራሖም ተበጊሶ ዝወስዱ ሰባት፡ መብዝሕትኡ ግዜ ልዕሊ. መኣርሕቶም ጸብለል ኢሎም እዮም ዝወጽኡ። እቲ ቀንዲ. ምስጢር ዓውቶም ከኣ፡ ዋላ ድሕሪ ጸንክር ፈተነ እንተ ኾኑ ፍታሕ ከም ዝረኽቡ እምበረ መጠን እምንቶ ስለ ዘለዎም እዮም።

ኣብ እዚ. ሎሚ ግዜ ‘እኽእሎ እየ’ ዝብል መንፈስ ኣብ ሐደት ሰራሕተኛታት ጥራይ ኢኻ እትረኽቦ፡ መብዝሕትኡ ሰራሕተኛ ሓላፍነት ክስከም ስለ ዘይደሊ፡ ዋላ ኑቲ ዝኽእሎ፡ ከም ዘይክእሎ ከመሳምስ ይሰልጦ። ኣብ መጠረሽታ ግዱ ግዳይ ኣተሓሳስባኡ ዝኸውን ባዕሉ እቲ መመሳመሲ. ሰራሕተኛ እዩ። ምኽንያቱ ብዝኾነ መንገዲ. ኣብ ስራሑ ዕብየት ዘይክረኽብ ይኽእል እዩ።

እቲ ‘እኽእሎ እየ’ ዝብል ኒሕ ዘተዓጥቀ ሰራሕተኛ፡ ኩሉ ግዜ ክፉት ኣእምሮ እዩ ዘውንን። ንዘኽእሎን ዘይክእሎን ስራሕ ብሓቦ ይጀምሮ። ካብ ጌጋኡ እናተማህረ ቀጻሊ. ይሰልጦን። ኑቲ ሓድሽ ዝተማሃሮ ናብ ካልኦት መሳርሕቱ ከመሓላልፎ እንከሎ ድማ ተመሊሱ ኑቲ ፍልጠቱ ጸቡቕ ገይሩ ይመልኮ።

ዕወት ሰራሕተኛ ክትከውን ናይ ብሓቂ. ባህጊ እንተ’ልዩካ፡ ኑቲ ‘እኽእሎ እየ’ ዝብል ሓቦ ምስ ቋንቋኻ፡ ሓሳባትካን ተግባርካን ኣተኣሳስር። ኣብ ስራሕካ ጥራይ ዘይኮኑ ኣብ ውልቃዊ ህይወትካ እውን ብዝዮዮእ ተጠቐመሉ።

ዚ. ፍሉይ ብልሚኻ ናብ መሳርሕትኻ ከተሰርጾ ጸቡቕ እዩ። ኣብ ወሽጥኻ ጥራይ ትድጉሎ እንተ ኼንካ ንብይንኻ ጥራይ ክትሰርሕ ክትግዳዕ ኢኻ። ኣብ መጠረሽታ ከኣ ከምኣቶም ‘እንታይ ገደሰኒ’ ዝብል ሕማቕ ባህሪ ክቀላቐለካ ይኽእል እዩ።

> *“ኩቶ ምኽሪት ኣይትፍጠር። ዓርክ መሓዙትካ ኣይደልዩዎን እዮም። ጸላእትኻ ድማ ኣይኣምንዎን እዮም።” -* ***ጆን ወደን***
>
> *“ከተግህዶ እትደሊ ሕልሚ እንተ’ልዩካ እቲ ግዜ ሕጂ እዩ። ፍጹም ወይ ዝበለጸ ግዜ ዝበሃል የለን። ምኽሪት ክትኣልም እተጣኽኖ ግዜ ጥራይ እዩ ዘሎ።” -* ***ሆሊ. ሌስሊ***

ይቕጽል

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

03 መጋቢት 2026
ኣስመራ

## እንሓስቦን እንኾኖን



መዓልኪ ሰታሪተይ!

ቅድሚ ቊሩብ መዓልታት'ዩ ምስ ሓደ ቀራብየይ ከም ልማድና ነዊሕ ኣዕሊልና። ዕላልና ዋላ'ኳ ካብቲ እንክንራኸብ እነልዕሎ ዛዕባታት ብዙሕ ዝፍለ እንተ ዘይነበረ፡ ኣብ ሸው በጺሑ ግን ገለ ሓድሽ ግን ከኣ ንነዊሕ እዋን ኣብ ሓሳበይ ዝመላለሰኒ ዝነበረ ሓሳብ ክርብጸኒ ጀመረ። እቲ ዝነበረ ሃዋህው ዕላል፡ ነቲ ሓሳበይ ንምትግባር ዝመቸአ እዋን ኮይኑ እውን ስለ ዝተሰምዓኒ፡ ሓሳብ ልበይ ከተግብር መተኣታተዊ ጀመርኩ።

ነገሩ ጉዳይ ምትእርራም እዩ። ምስዚ ቀራብየይ ንነዊሕ እዋን ብሓንሳብ ተጓዒዝና ኢና። ካብዚ ዝተላዕለ ክሳብ ዝደቐቐ ክፋል ህይወትና ክንፋልጥ ክኢልና ኢና። ዝመጽኣኒ ሓሳብ እምበኣር ካብዚ ዕምቈት ዘሎዎ ምፍላጥ ዝተላዕለ እዩ። "ክንዲ'ዚ እናተቓረብና፡ ክንዲ'ዚ እናተፋለጥና ኣነ ንዝርኣየኒ ጉድለቱ ንሱ እውን ከምኡ ክንተኣራረም እንተ ዘይክኢልና ዕምቈት ዝምድናና ዝህበና ፍሉይነት ደኣ እንታይ እዩ፧" ዝብል ሓሳብ ካብ ዝመላለሰኒ ነዊሕ እዋን ኮይኑ እዩ። ኣብታ ህሞት እምበኣር ነዚ ንምትግባር እየ ባይታ ዘጣጥሕ ነይረ።

"እሞኸ ከመይ ነበረ፧" ዶ በልኪ ዳየሪየይ። መቸም ልክዕ ግዜ ረኺበ ኢለ ምስ ሓሰብኩ ከም ዕትብ ኢለ ሓፈሻዊ ብዛዕባ ዝምድናናን ደረጃ ምቅርራብናን ድሕሪ ምዝኻኻር፡ እቲ ኩሉ ግዜ ዝመላለሰኒ ሓሳብ ኣካፈልኩዎ። ቀራብየይ እቲ ዕቱብ ኣርእስቲ መጀመርታ ግር ዝበሎ ኮይኑ እኳ እንተ ተሰምዓኒ፡ ጸኒሑ ግን ኣዝዩ ኣገዳስን ፍሉይን ሓሳብ ምዃኑን ክንደፍኣሉን ቀጻሊ ክሽውን ከም ዘሎዎን እናነገረ ኣተባብዒኒ። በሪ ዝተኸፍተለይ ሓውኺ፡ ነቲ ዝሓሰብኩዎ መደብ ባዕለይ ክኣልዮ ጀሚረ። ፍኹስ ኢልና ንኽንጅምር ብምሕሳብ ከኣ፡ "እሞ መጀመርታ ንስኻ ብዛዕባይ ዘሎካ ሓሳባት ከተካፍል ደስ ምበለኒ፡" በልኩዎ ንነብሰይ ንዝመጽኣ ክትቅበል እናኣዳለኹዋ። ቀራብየይ ሰገጥ ብምባል፡ "ድሓን እዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ንኣይ ሕጂ ሃንደበት እዩ። ንስኻ ግን ተዳሊኻ ዝመጻእካ ስለ እትመስል ንስኻ ጀምር እሞ ብድሕሪኡ ኣነ ንምድላውን ንምሕሳብን ግዜ ስለ ዝረክብ ክቐጽል እየ፡" ብምባል ነታ ኩዕሶ ናባይ ደርበያ። ብቐደሙ እውን ከምኡ ከም ዝኸውን እናገመትኩ፡ ንስለ ኣገባብ እቲ ዕድል ንእኡ ሂበዮ ስለ ዝነበርኩ በቲ መልሲ ብዙሕ ኣይተገረምኩን።

ኩሉ ከም ዝመደብኩዎ ይኸደለይ ብምንባሩ እናተሓጐስኩ፡ ኣብ ተኣፋፍን ቀንድን ጉዳይ ከም ዝበጻሕኩ ከኣ እናዘከርኩን ዘረባይ ጀመርኩ። "ሰብ እንታይ ይፈቱ - መን ከማኻ፡ እዝግሄር እንታይ ይፈቱ - ሰብሃት ንኣኻ" ከም ዝበሃል፡ ንዝቐጽል ርእይቶይ መንጸፍ ዝኾነኒ ካብ ሓቂ ዘይረሓቐ እወታዊ ጐድንታት ቀራብየይ መሳጢ ብዝበልኩዎ ኣገባብ ሓደ ብሓደ ኣቕረብኩ። ቀራቢየይ ዋላ'ኳ ደኒኑ እንተ ነበረ ገጹ ይበርህ ከም ዝነበርስ ክኽወለኒ ኣይከኣለን። ኣነ ከኣ፡ "እዚ ብሩህ ትርኢትሲ ክሳብ መወዳእታ ከምኡ ኢሉዶ ይጸንሕ ይኸውን፧" ዝብል ሓሳብ እናኣመንጐኹ ነዊሕ ኣስተንፈስኩ።

ድሕሪ'ዚ ኩሉ ኩለልን መእተውን፡ ናብቲ ቀንዲ ነጥበይ ንምእታው ቊሩብ ኣዕሪፈ ምራቐይ ወሓጥኩ። ሓቂ ይሓይሽ ንቐራቢኻ ጉድለቱ ክትነግሮ ከም እንግምቶ ቀሊል ስለ ዘይኰነ፡ ናይ ፍርሕን ስክፍታን ዓይነት ስምዒት ክስምዓኒ ጀሚሩ'ኳ እንተ ነበረ ምስ ምራቐይ ደኣ ወሓጥኩ። 'ሓንሳብ ኣትየያ እየ ንድሕሪት ዘብል የብለይን! እዛ ሃዋህው እውን ካልኣይ ግዜ ዘይክረኸባ እኽእል እየ። ስለዚ ክቕጽል ጥራይ እዩ ዘሎኒ፡' እናበልኩ ንነብሰይ ኣትባዕኩዋ።

ሕጂ እውን ሜላ ብዘሎዎን ስምዒት ብዘይትንክፍን ኢለ ብዝሓሰብኩዎ ኣገባብ ኣዘራርባ ንቐራብየይ ኣለዋኦ ኢለ ዝሓሰበን ክእረማ ኣለወን ዝበልኩወን ጉድለታት ምስናይ ናይ መአረሚ ወይ ፍታሕ ኮይኑ ዝስምዓኒ ነጥብታት ዘረዘርኩ። 'ጸገምካ ዝዝርዝረልካስ ኣይሓጋዚኻን፣ ነቓፊኻ፡' ከይኩነኒ ብምባል'የ መፍትሒ ይኾኑ ዝበልኩዎም ሓሳባት እውን ዘሰዓብኩ። እዚ ኩሉ ኢለ ድሕሪ ምውድኣይ ብርእዮ ክፈኹሰኒ ኣስተውዓልኩ። ክንደይ ምኳኑ እኳ ብልክዕ እንተ ዘይፈለጥኩዎ ነዊሕ ከም ዝተዛረብኩስ ማይ ምስ ጸማእኩ ክግምት ክኢለ። ብዝኾነ ብድሕሪ'ዚ፡ ነቲ ዘቕረብኩዎ ነጥብታት መልሲ እንተ'ለዎ እቲ ዕድል ናብኡ ኣሕለፍኩዎ።

ቀራብየይ እውን ኣብ ውሕልነት ዘረባ ሰናፍ ስለ ዘይኰነ፡ ብኣደናቒ ሜላ ክምልሰለይ ጀሚሩ። ነቲ እወታዊ ጐድኒ ድሕሪ ምምስጋን ከኣ ኣብተን ክእረማ ዝበልኩወን ነጥብታት ሓደ ብሓደ ክምልሰለን ጀመረ። ነቲ መልሱ ጠቕሊለ ክርእዮ ከለኹ ንኹሉ እቲ ሓሳባት ከም ዘይተቐበሎ ኮይኑ ተሰምዓኒ። ብቓላቱ ንኹሉ እቲ ክእረም ኣሎዎም ኢለ ዘቐረብኩዎም ጉድለታት ውዒሉዎም ከም ዘይፈልጥን፡ ነቶም ኣበራት ኢሉ ዝሓሰቦም ዘይምግባር ከኣ ብመትከል ከም ዝኣምንን ኣብ ባይታ ከየተግብሮም ከም ዝሕሉዎምን ከእምነኒ ፈተነ። ብዙሕ ኣብነታት እውን ከሰንዮም ጸዓረ። 'ኣብ ባይታ ኩሉ ከምቲ ዝብሎ ዝገብር እንተ ኰይኑ ደኣ ብጹእ'ዩ ማለት ድዩ፧' ንነብሰይ እሓታ ነይረ ንሱ እናመለሰ። 'ኣሎኒ እትብሎ ጉድለት እስኪ በል ባዕልኻ ንገረኒዶ ክብሎ፧ እንታይከ እሞ ክብለኒ እዩ፧ ዝተሃላለኾ ዘለኹዶ ይመስሎ፧' ምስ ነብሰይ እናተማጐትኩ ዝን ምባለይ ግዲ ኣስተብሂሉ ሃንደበት፡ "ኣለኻዶ፧" በለኒ። ኣነ እውን ከም ሰንብድ ኢለ "ኣለኹ! ኣለኹ! እሰምዓካ ኣለኹ ቀጽል፡" በልኩዎ። ብመንፈስ ዲኻ ብኣካል ዘለኻ ኢሉ ዘይምሕታቱ እዝግሄር ይሃቦ እናበልኩ። ቀራብየይ እውን እንተስ ገጸይ ዘይተበርሀ እንተስ ሓሳባቱ ወዲኡ ሃንደበት ብዝመስል ኣገባብ ዘረባ ደው ኣቢሉ ከም ዝወደአ ነገረኒ።

ኣብ መወዳእታ ነገሩ ድንግርግር ኢልኒ ኣብ መንጎ እቲ ኣነ ዝፈልጦ ቀራብየይን ንሱ ንነብሱ ዝሃቦ ኣገላልጻን ዘሎ ፍልልይ ካብ ምግፍሑ ዝተላዕለ ምርዳእ ኣብዩኒ ዝበሎ ጠፊኡኒ ከሎ፡ ሃንደበት ሓደ እዋን ሓደ ንፋዕ ኣንባቢ ፈላጥየይ ዝበለኒ ዘረባ ትዝ በለኒ'ሞ መፍትሒ ከኣ ኰነትኒ። ለባም ፈላጥየይ፡ "ኣብ መንጎ ሰባት ዝፍጠር ዘይምርድዳእ እኮ መብዛሕትኡ ግዜ በቲ ኣብ መንጎ ንፈልጦን ንኽእሎን ወይ ንገብሮን ዘሎ ፍልልይ ዘይምርዳእና ዝስዕብ እዩ፡" ኢሉኒ። ካብ መግለጺ ኣበሃህላኡ ከም ዝተረዳእኩዎ፡ ዳርጋ ኩሉና ደቂ ሰባት እቲ ቅኑዕን ክግበር ዘሎዎን ንፈልጦ ኢና። ንሰባት እውን ንምዕደሉ ኢና። እንተኾነ ግን ኩሉ እቲ ንፈልጦን ቅኑዕ ምዃኑ እንኣምነሉን ኣብ ግብሪ ክነውዕሎ ኣይንርአን። እቲ ዝኸፍአ ከኣ ከምቲ እንሓስቦን እንፈልጦን ኣብ ባይታ ነተግብር ከም ዘየለና ዘይነስተውዕሎ ምዃንና እዩ። ከምዚ ምስዚ ቀራብየይ ዘልዓልናዮ ኣርእስቲ ክመጽእ ከሎ ሸው በቲ ኣብ ባይታ እንኸዶ ዘይኰነስ በቲ እንፈልጦ ቅኑዕ ንማጐት። መማጐትና ከኣ በቲ እንፈልጦ ዘይኰነስ በቲ ኣብ ባይታ ዝርእዮ ይካታዕ። ብበበይኑ መርኣይታት ምስ ርኣና ድማ ምርድዳእ ንስእን።

ዝሓሰብኩዎ ብዘይተጸበኹዎ መገዲ ምስ ከደ ንመልሱ መልሲ ምሃብ እዋኑ ከም ዘኰነ ስለ ዝተረዳእኩን ብኻልእ ኩርናዕ ከኣ ካልእ ኣገዳሲ ግብራዊ ትምህርቲ ስለ ዝተመሃርኩን ምስ ቀራብየይ ንሸው ክንፈላለ ከም ዘሎና ተረዳእኩ። ብዛዕባይ ዘሎዎ ኣርኣእያ ካልእ መዓልቲ ተራኺብና ንኽንገልጸለይ ብምርድዳእ ድማ ኣነ በዚ ለባም ፈላጣየይ ዝሃበኒ ሓሳብ እሞ ቀራብየይ ኣብ ግብሪ ዝተርጕመለይ ኩርናዕ ንነብሰይ እናፈተሽኩ ኣሻበይ ገዛይ ከም ዝበጻሕኩ ፈጺሙ ኣይተረድኣንን።

**ሳሚር ህንጽኣብ**

07 ታሕሳስ 2025 - ኣስመራ

## ዘልመድክኒ ጨና



ኣብ ማህደር ተለፎነይ ዝነበረ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ዝተሳእለ ቪድዮታት እናተዓዘብኩ፡ ኣብ ሓንቲ ፍጻመ ምሉእ ኣድህቦይ ገበርኩ።

እታ ምስሊ ናብቲ ዝነበረ ህሞት ብቐጥታ መለሰትኒ። ብሓሳብ ድማ ገሸኹ።

ብመሳኹቲ ናይታ ተሳፊርናያ ዝነበርና ካሪና ዝዓይነታ መኪና ዝኣቱ ዝነበረ ንፋስ፡ ጥዑም መኣዛኡ እናለገሰ፡ ንመላእ ኣካላትና ፍስሃ መገቦ። ምኡዝ ጣዕሚ ዘሎዎም ሙዚቃ እናሰማዕና ድማ ብህድኣት ናብ ድርፎ ገጽና ኣምራሕና። መኪና ኣብ ፊት ባር ጊላይ ጠጠው ኣቢልና፡ ንቝሩብ ደቃይቕ ኣእዳውና ኣጣሚርና ነቲ ከባቢ ብተመስጦ ተዓዘብናዮ። ኣዳም፡ "ኣቲ ኣርሞር፡ እዚ ቦታ ክጽብቕ ምሽ!" ቀዲምኒ ኣድናቖቱ ገለጸ። ርእሰይ ብእወታ ብምንቕናቕ ኣነ'ውን ተመሳሳሊ ስምዒት ከም ዘሎኒ ሓበርኩዎ።

ተተሓሒዝና ድማ ናብ ባር ጊላይ ገጽና ኣንፈትና ቀየርና። ኣዝዩ ደስ ዘብል ምሸት ኣማሲና ድማ ንቤትና እናሰሓቕና ተመለስና። እዛ ምስሊ፡ ነዛ ፍጻመ'ያ ተዘክር ዝነበረት። ይኹን ደኣ እምበር ኣብ ኣእምሮይሲ ብዙሕ ካልእ ሓቢርና ዝተጓዓዝናዮ ጽቡቕ እዋናት'ዩ ተኸዚኑ ዝነበረ። እዛ ኣብ ሞባይለይ ዝጸንሐት ምስሊ ንኹሉ ጽቡቕ ዝኽሪ እትኸፍት ቊልፊ ኰይና ድማ ረኺብኩዋ። ብዙሕ ጽቡቕ ኣሕሊፍና ክንስና፡ ብንእሽቶ ነገር ምኹርራይና ውሽጠይ ቂር ይብሎ ስለ ዝነበረ ድማ ምሸት ሰዓት ዓሰርተን ፈረቓን ከባቢ፡ "ናፊቐካ፡ ኩሉ ምሳኻ ዘሕለፍኩዎ ተዘኪሩኒ፣ ኣዚኻ ጥዑም ሰብ ኢኻ፡" ብምባል ብመስመር ሞባይል መልእኽቲ ጸሓፍክሉ።

"ዋላ ኣነ ናፊቐኪ፡" ዝብል መልእኽቲ ምስ መጽኣኒ ከብደይ ግልብጥብጥ በለ። ውሽጡ ሓላል እዩ። ዝኾነ ሓሪቒ ምስ ዝዛረበካ ብጣዕሳ ንእለት ይምለስ፣ ከቀባጥረልካ ይኽፍኦ። ካብዚ ኩሉ ጽቡቒ ንምንታይ ነታ ከም ሰብ ኰይኑ ዝተጋገያ ንእሽቶ ነገር ኣተዓባብየ ተፈልየዮ ዋላ ንኣይ ኣይተረድኣንን።

"ወትሩ 'እታ ዘልመድክኒ ጨና' ትብል ደርፊ እናኸሰምዕ ንኣኺ እየ ዝዝክር፡" ምስ በለኒ ሰሓቕ። ምኽንያቱ ነዛ ደርፊ ካብ ምሒር ደጋጊሙ ምግባዙን "ናትኪ'ያ፡" ካብ ምባሉን፡ ልዕሊ እቲ ዘደረፋ እየ ወኒነያ። እቲ ዘጕህየካ ነገር፡ ነዛ ደርፊ ክደርፈለይ እንከሎ ምስኡ እንከለኹ፡ "ኣርሞረይ ካባይ እንተ ተፈሊኺ በዛ ደርፊ ክዝክረኪ እየ፡" እናበለ እዩ ምፍልላይ ጸዊዑ። ኣነ ግን ምፍልላይ ከም ዘይንኽእሎ ሓቢረዮ። ጽቡቕዶ ገይረ ዳየሪየይ ጽብቕቲ፧ ጸላኢና ይፈላለዮ! ካብ ምፍልላይ እንታይ ሰናይ እሞ ከይርከብ እዩ።

**ኣርሞር (ሳማራ)**

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ኣመሪካ፡ ንሶርያ ካብ ዝርዝር መወልቲ ሽበራውያን ኣውጺኣታ

ኣመሪካ፡ ንመንግስቲ ሶርያ ካብ ዝርዝር 'መወልቲ ግብረ ሽበራ' ከም ዘውጽኣቶ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ሶርያ ኣሕመድ ኣል-ሻራ ኑቲ ውሳነ 'ታሪኻዊ' ክብል ድሕሪ ምንኣደ፡ ነታ ን14 ዓመታት ኣብ ኩናት ሓድሕድ ተሸሚማ ዝጸንሐት ሃገር፡ ቀጠባውን ፖለቲካውን ሕወየት ንኽትረክብ ምሉእ ብምሉእ ዝሕግዝ ምዃኑ ኣረዲኡ።

እቲ ውሳነ ትማሊ ሰኑይ ተግባራዊ ክኸውን ዝኸኣለ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ እታ ንዳርተታት ዓመታት ኣብ ዝርዝር መወልቲ ሽበራውያን ሰፊራ ዝጸንሐት ሶርያ ብወግዒ ክትሰረዝ ምዃና ዝሓለፈ 8 ሓምለ ንኮንግረስ ድሕሪ ምሕባሩ፡ ኮንግረስ ከኣ ኑቲ ጉዳይ ድሕሪ ምግምጋሙ እዩ።

ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ውሳኔ ንሶርያ ካብ ተግባራት ኣህጉራዊ ግብረ ሽበራ ምሉእ ብምሉእ ንምርሓቕ፡ በቲ ሓድሽ መንግስቲ ንዝተወሰደ እወታዊ ስጉምትታት ኣፍልጦ ንምሃብ ተባሂሉ ዝተወሰደ ምዃኑ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ኣል-ሻራ ብወገኑ፡ እቲ ውሳኔ ሶርያ ካብ መሪር ሕሉፍ ታሪኻ ተማሂራ ናብ ልምዓትን ዳግመ ህንጸትን ከተተኩር ዘኽእላ ምዃኑ ብምሕባር፡ ንፕረዚደንት ትራምፕ ዘለዎ ምስጋና ገሊጹ።

ሶርያ፡ ካብ እዋን ፕረዚደንት ነበር ሓፌዝ ኣል ኣሳድ (1979) ኣትሒዙ ኣብቲ ብኣመሪካ ዝተታሕዘ ዝርዝር መወልቲ ግብረ ሽበራውያን ሰፊራ ምጽንሓ ይሕበር።



## ኢራን፡ "ንእገዳ ኣመሪካ ክምክቶ እየ፡" ትብል

ኢራን፡ ቁጠባኣ ብዘዳኸሎ ንምድኻም ዝዓለመ ብኣመሪካ ንዝተመሓላለፈ ሰፊሕ እገዳ ክትምክቶ ምዃና ቃል ኣትያ።

ኢራን ነዚ ቃልዚ ዝኣተወት፡ ከም ቻይና ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ንግዳውያን መሻርኽታ ዝኾና ሃገራት፡ ኑቲ ናይ ኣመሪካ ጸቕጢ ክቃወማ ምዃነን ዘለዎ እምነት ድሕሪ ምግላጽ እዩ።

ትማሊ ሰኑይ ኑቲ እገዳ ዘጽደቐ ጸሓፊ ክፍሊ ግምጃ ኣመሪካ ሰኮት በሰንት፡ ምስ ኢራን ንግዳዊ ርክብ ዘቐጽላ ሃገራት፡ ካብቲ ኣብ ዶላር ዝተመርኮሰ ፋይናንሳዊ ስርዓት ናይ ምውጻእ ሓደጋ ከም ዘጋጥመን ኣጠንቂቑ ኣሎ።

እቲ ብዓል ስልጣን ወሲኹ፡ ዝኾነት ምስ ኢራን ንግዲ እተካይድ ሃገር፡ ካብቲ ክመጽኣ ዝኽእል ሓደጋ ንምምላጥ፡ ኑቲ ሓድሽ መምርሒ ክትክተል ኣተሓሳሲቡ ኣሎ።

እቲ ኣብ ልዕሊ ኢራን ዝወሰድ ዘሎ ስጉምቲ ንምንታይ ካብዚ ንላዕሊ ክሕይል ዘይተደልየ ተባሂሉ ብጋዜጠኛታት ንዝቐረበሉ ሕቶ ድማ፡ "ንምንታይ ኢልና ኢናሞ ንዓለማዊ ፋይናንሳዊ ስርዓት ክንዘርጎ ክንደሊ፧" ክብል ተጋራጫዊ ምላሽ ከም ዝሃበ ተሓቢሩ።

ክፍሊ ግምጃ ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ 60 ውልቀ ሰባት፡ ትካላትን መራኽብን ሓድሽ እገዳ ከም ዘጽንዐ እኳ እንተ ገለጸ፡ ንንግዲ ነዳዲ ኢራን ዘመቻቕሉ ተባሂሉም ዝተጠርጠሩ ፋይናንሳዊ ትካላት ቻይና ግን ኣብቲ ዝርዝር ከም ዘይሰፈሩ፡ ገለ ምንጭታት የመልክቱ።

በሰንት ብዛዕባ ትካላት ቻይና ንዝቐረበሉ ሕቶ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መልሲ ድማ፡ "ሎሚ ኣብዚ ብንጹር ክንገልጾ እንደሊ፡ ልዕሊ እገዳ ኣመሪካ ዝኸይድ ዝኾነ ኣካል ከም ዘየለ እዩ" ክብል ገሊጹ።

ይኹንምበር፡ ኣመሪካ ቀድሚ'ቲ ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ኣብ መንጎ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕን ፕረዚደንት ቻይና ሺ ጂንፒንግን ክቐየድ ትጽቢት ተገይሩሉ ዘሎ ዝርርብ፡ ቻይና ኣብ ልዕሊ ትካላታ ንዝዋሰር ዝኾነ ይኹን እገዳ ሕነ ከይትፈዲ ትጥንቀቕ ከም ዘላ እያም ክኢላታት ዝገልጹ።



## "ዘለንስኪ ክምልሶም ዘለዎ ሕቶታት ኣለዉ፡" ሚ/ምክልኻል ዩክሬን ነበር

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ ክምልሶም ዝግብኦ ሕቶታት ብልሽውና ከም ዘለዉ፡ ሚኒስተር ምክልኻል ናይ'ታ ሃገር ዝነበረ ማይክሃይሎ ፈዶሮቭ ንቢቢሲ ሓቢሩ።

ንዕጥቂ ሓይልታት ምክልኻል ዩክሬን ዘመናዊ ዝገበረን ፈላሚ ውግእ ብሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዝጀመረን ተባሂሉ ዝኣድ ፈዶሮቭ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ካብ ስርሑ ከም ዝተኣለየ ይዝከር።


ንሱ ምስ ቢቢሲ ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕትት፡ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዝጀመረ መርመራ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ገንዘብ፡ ፕረዚደንት ዘለንስኪ ንዝፈጸሞ ብልሽውና ዝምልከት ሕቶታት ከም ዘለዎ ሓቢሩ።

ፈዶሮቭ ወሲኹ፡ ዲሞክራሲ ሃገሩ ዋላ'ውን ኣብ ግዜ ኩናት ጀሆ ክትሓዝ ከም ዘይብሉ ብምሕባር፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ክቐየድ ጸዊዑ ኣሎ።

ኣብ 2022 ኩናት ዩክሬን ካብ ዝጀመር ንደሓር፡ እታ ሃገር ኣብ ትሕቲ ወተሃደራዊ ሕጊ እያ ትርከብ።

በዚ ድማ እቲ ክቐየድ ዝግብኦ ዝነበረ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ደው ኢሉ ኣሎ።

ፕረደዚንት ዘለንስኪ፡ ሃገሩ ኣብ ኩናት እንከላ ዝቐየድ ምርጫ፡ ውጽኢቱ ኣገዳሲ ሓደገኛ ክኸውን'ዩ ዝብል እምነት ከም ዘለዎ፡ ትማሊ ሰንበት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ኣመልኪቱ'ሎ።



## ኮሎምብያ፡ ስደተኛታት ትጥርዝ

ፕረዚደንት ኮሎምብያ ኣቤላርዶ ደ ላ ኤስፕሪየላ፡ ከም ኣካል ናይቲ ጸጥታ ሃገሩ ውሑስ ንምግባር ዝኽተሎ ዘሎ ፖሊሲ፡ ወግዓዊ ሰነዳት ዘይብሎም ስደተኛታት ምስጓግ ክጀምር ምዃኑ ሓቢሩ።

በዚ ድማ፡ ፖሊስ ኣብዚ ሰሙን'ዚ ስርሒታት ክጀምር ምዃኑ፡ እቲ ፕረዚደንት ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ባይቶ ጸጥታ ገሊጹ።

"እቲ ንኢሚግሬሽን ዝወሃብ ትእዛዝ ንጹር እዩ፣ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ንምክትታል ዝተዋደደ ስርሒታት ክጀምር እዩ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ክጥረዙ ክግደዱ እዮም፡" ክብል፡ ኣብቲ ትማሊ ሰኑይ ዝተፈነወ መግለጺኡ ኣብሪሁ።

ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ወርሒ ቃለ ማሕላ ዝፈጸመ ደ ላ ኤስፕሪየላ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ከተማ ፍሉያት ኣኽበርቲ ሕጊን ዳያኑን ዝሓቖፉ ኣሃዱታት ከቕውም፡ ኑቲ ቀድሚኡ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ጉስታቮ ፔትሮ ዝነበረ ትካል ስለያ ኣሃዱ ፋይናንሳዊ ሓበሬታን ትንተናን ድማ ዳግማይ ከንቀሳቕሶን ምዃኑ ቃል ኣትዩ ኣሎ።




## ካናዳ፡ ናብ ኣመሪካ እትገብሮ ሰደድ ደው ከም ዝብል ተጠንቅቕ

ቀዳማይ ሚኒስተር ካናዳ ማርክ ካርኒ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ምስ ካናዳ ዘጉበሮ ዘሎ ንግዳዊ ኩናት እንተ ቀጺሉ፡ ካናዳ ናብ ኣመሪካ እትገብሮ ሰደድ ሓይሊ ኤሌክትሪክን ኣገደስቲ ማዕድናትን ከተቋርጽ ምዃና ኣጠንቂቑ።

ካናዳ ነዚ መጠንቀቕታ'ዚ ዝሃበት፡ ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ካብ ካናዳ ዝኣትዋ መካይንን ሓጺንን ዝኽፈል ቀረጽ፡ ካብ 1 ጥሪ 2027 ጀሚሩ ናብ 50 ሚእታዊት ክዓቢ ምዃኑ ድሕሪ ምግላጹ እዩ።

ካርኒ ትማሊ ሰኑይ ንኣሶሸይትድ ፕረስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "ካናዳ ዋጋ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ክትወስኽ፡ ወይ'ውን ሰደድ ናብ ኣመሪካ ጠቕሊላ ደው ከተብሎ ትኽእል'ያ፡" ኢሉ።

ንሱ ወሲኹ፡ ካናዳ ን1.5 ሚልዮን ኣባይትን ትካላትን ኣመሪካ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ከም ትህብ ድሕሪ ምሕባር፡ ትራምፕ ንኹሉ እንተታት ኣቐዲሙ ክዳለወሉ ኣተሓሳሲቡ።

ትራምፕ ብወገኑ፡ በቲ ባዕሉ ዝውንኖ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ትሩዝ ሶሻል' ኣብሉ ኣብ ዝሃቦ መልሲ፡ ንርእይቶ ካርኒ ብምንጻግ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ መራሒ መንግስቲ ናይ ቃላት መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመ ተገሊጹ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ቅሳነት | 26/8/26 | ጎደና ሓማሴን ቁ.45 ከባቢ ማይ ኣባሻወል | 110911 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ   ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services